

# እንጌራ ህይወት

8

ኢየሱስ በሎም፡ እንጌራ ህይወት አነ እየ።
ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን፡
ብኣይ ዝኣምን ከአ ከቶ ኣይጸምእን ኢዩ። ( ዮሃ 6:35 )

# ኣገልጋልን ኣገልግሎቱን

*ሳልሳይ ክፋል*

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ብዛዕባ እቲ ካልኣይ ዕላማ ናይ ኣገልግሎት ኣስፊሕና ምዝታይና ዝዝከር እዩ። "ናብቲ ዝግልገል ህዝቢ ዘተኮረ ዕላማ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ንኡስን ካልኣይን ኣርእስቲ ኣርባዕተ ቀንዲ ዕላማታት ብዝርዝር ምርኣይና ሓቂ እዩ። ኣብዚ ናይ ሕጂ ሕታምና ድማ ነቲ ሳልሳይን ኣገዳስን ዕላማ ናይ ኣገልግሎት ብዕምቈት ክንርእዮ ክንፍትን ኢና።

*3. ናብቲ ዘገልግል ሰብ ዘተኮረ ዕላማ፡*

ንኣምላኽ ምግልጋል ዘፍቅር ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ካብዚ ኣርእስቲ እዚ ንላዕሊ ዘገድሶ ነገር ኣሎ ኢልካ ክሕሰብ ኣይከኣልን እዩ። ቅድሚ ኩሉ ክንስተውዕሎ ዝግበኣና ሓቂ ኣሎ። እግዚኣብሄር ሰባት ንእኡ ዘገልግሉ መድረኽ ዝፈጠረ፡ ኢዱ ስለ ዝሓጸረቶ ወይ'ውን ጉልበት ሰብ ስለ ዝመቀሮ ኣይኮነን። ኣገልግሎት ንረብሓ ሰብ እምበር ንረብሓ ኣምላኽ ተባሂሉ ኣይተመስረተን። ብዘይ ምግልጋልና ወይ'ውን ብዘይ ግቡእ ብምግልጋልና፡ ኣምላኽ እንተ ተቐጥዐ እኳ ገና ንሱ'ውን ንረብሓና ምዃኑ ክንስተውዕል የድሊ።

ስለዚ ክገልግል ክሎ መዓልቲ ንግዛእ ርእሱ ሸለል ኢሉ ዘገልግል ሰብ እንተልዩ ውጹዕ እዩ። ኣገልግሎቱ ንረብሕኡ ዘይኮነስ ንጉድኣቱ ክኸኖ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና፡ ገለ ገለ ቅዱሳን ብፍጹም ብቕዓት እናኣገልገሉ ክነሶም፡ ስክፍታታት ኣብ ህይወቶም ክንጸባረቕ ይርአ እዩ፡ ሓቆም ከኣ እዮም። ነዚ ስክፍታ እዚ ክንስክፍ ከም ዝግብኣና ካብ ቃል መድሓኒና ክንስተውዕሎ ንኽእል ኢና። "ሰብ ንብዘላ ዓለም ረቢሑ ነፍሱ እንተ ኣጥፍአ እንታይ ይጠቕሞ" ዝብል ቃል ጐይታና ኣብ ጉዕዞ ኣገልግሎትና ሓንሳብ ደው ኢልና ርእስና ክንፍትሽ ዝድርኸና ቃል እዩ (ማቴ፡16፡26)። ሓደ ኣገልጋሊ፡ ንብዘሎ ህዝቢ ዓለም ናብ ጎይታ ረቢሕዎም ክነሱ ንነፍሱ እንተ ዘይረብሓ እንታይ ይዓብሰሉ፡ ሓደ ኣገልጋሊ፡ ብስም ጐይታ ጌሩ ንብዙሓት ሰባት ካብ ግብሪ ዓመጻን ካብቲ ዓማጺ ድያብሎስን ገላጊልዎም ክብቕዕ፡ ንርእሱ ብመዓልቲ ጎይታ "ኣታ ገባር ዓመጻ" ተባሂሉ ማዕጾ እንተ ተዓጽዎ እንታይ ይጠቕም (ማቴ፡7፡22,23)? ከምዚ ዝኣመሰለ ብኣእላፍ ዝቑጸር ሰን ሰለታዊ ሕቶታት ክንዝርዝር ዝከኣል እዩ።

እዚ ዝረኣዩ ኣቦታትና ቅዱሳን ድማ ነዚ ስክፍታ እዚ ኣብ ቃላቶምን ኣብ ጽሑፋቶምን ይገልጽዎ ነበሩ። ሃዋርያ

ጳውሎስ ብዘይ ልግሚ፥ ብዘይ ገለ ጉድለት የገልግል ከም ዘሎ ርግጸኛ እኳ እንተ ነበረ፥ ነፍሲ ብዙሓት እናልዓለ ንነፍሱ ከይድርቢ ግን ይፈርህ ነበረ። ስለዚ ከኣ "ንኻልኦት እናሰበኽኩ፡ ንርእሰይ ድርቡይ ምእንቲ ከይከውን፥ ንስጋይ እሰቅዮን አግዝኦን አለኹ።" ብምባል ንሰብ ቈረንቶስ ክጽሕፈሎም ተራእዩ (1ቈረ፥9፥27)።

እግዚአብሄር ሰባት ንእኡ ዘገልግልሉ መድረኽ ዝፈጠረ፥ ኢዱ ስለ ዝሓጸረቶ ወይ'ውን ጉልበት ሰብ ስለ ዝመቀሮ ኣይኮነን።
ኣገልግሎት ንረብሓ ሰብ እምበር ንረብሓ ኣምላኽ ተባሂሉ ኣይተመስረተን።

ነህምያ፥ ናይ ራእይ ሰብ ከይተረፈ፥ ኣዝዩ ዘገርም ስራሕ እናሰርሐ ከሎ፥ ብኣገልግሎቱ ንልቢ ሰብን ንልቢ ኣምላኽን ዘዕርፍ ስራሕ ሰሪሑ ከሎ፥ ገና ንነፍሱ ይሰግእ ከም ዝነበረ ነንብብ ኢና። ሓደ ጽቡቕ ዕዮ ምስ ዓየየ ኩሉ ጊዜ "ዎ ኣምላኸይ፥ እዚ ኹሉ ነዚ ህዝቢ እዚ ዝገበርክዎ፥ ንጽቡቕ ሕሰበለይ።" እናበለ ይጽሊ ነበረ (ነህ፥5፥19 ነህ፥13፥14,32)። ምናልባት ኣብ ኣእምሮና "እንታይ ክፉእ ምስ ገበረ ደኣ'ሞ ንኽፉእ ክሓስበሉ?" ኢሉ ልና ክንሓትት ዝከኣል እዩ። ኣብ ልዕሊ ሰብ ጽቡቕ ስለ ዝገበርካ ጥራይ ኣጣ ጽቡቕ ኣሎ ማለት ኣየስምዕን እዩ። ኣምላኽ ብኣኻ ጌሩ ኣብ ልዕሊ ሰባት ጽቡቕ ስለ ዝገበረ፥ እቲ ጽቡቕ ኣጣ'ውን ተፈጺሙ ማለት ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ብኣፍ በልዓም ስለ ዝመረቐ፥ በልዓም ምሩቕ እዩ ማለት ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ብኣፍ እታ በሃም ኣድጊ ጌሩ ስለ ዝተዛረበ፥ ንታ ኣድጊ ናይ ኣምላኽ ኣይገብራን እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ኣብ መስርሕ ኣገልግሎትና ደጋጊምና ብዛዕባ ርእስና ክንምርምር ዘድልየና።

ቃል እግዚኣብሄር "ብዝርእ ኣይሁዳዊ ምኻን ኣይሁዳዊ ኣይኮነን እሞ፥ እታ ብዝርእ ኣብ ስጋ እትግበር ግዝረት'ውን ግዝረት ኣይኮነትን። እቲ ብውሽጡ ኣይሁዳዊ ዝኾነ ግና ንሱ ኣይሁዳዊ እዩ። እታ ግዝረት ከኣ ግዝረት ልቢ ብመንፈስ እያ እምበር፥ ብፊደል ኣይኮነትን። እቲ ንእዶ'ውን ካብ ኣምላኽ እዩ እምበር፥ ካብ ሰብ ኣይኮነን።" ብምባል ከም ዝነግረና፥ እቲ ብውሽጡ ኣገልጋሊ ዝኾነ ጥራይ እዩ ብኣምላኽ ኣገልጋሊ ክበሃል ዝበቅዕ። እቲ ብመንፈስን ብሓቅን ዝሰግድ ጥራይ እዩ፥ ኣብ መዛግብቲ ኣምላኽ ከም ሰጋዲ ዝዝገብ። እቲ ንኣምላኽ ብሓቂ ዝጽውዖ ጥራይ እዩ ኣብ እዝኒ ኣምላኽ ዝበጽሕ ጸሎት ክጽሊ ዝኽእል።

እምበኣር ሓደ ኣገልጋሊ፥ ኣብ ዘገልግለሉ እዋን ናብ ገዛእ ርእሱ እናቕለበ ካብ ምግልጋል ንላዕሊ ዝሕሾ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብዘን ዝስዕባ

ገጻት ካብቲ ብዙሕ ዕላማታት፡ ብዓቕሚ መጽሄትና ዝምጠን ገለ ሒደት ክንርኢ ኢና። ኣምላኽ ናብ ነፍስና ናብ ረብሓና ዘተኮረ ናይ ኣገልግሎት መድረኽ ካብ ሃበና፡ ንሕና እቶም ሰብ ጉዳይ ናብ ርእስና ከየተኮርና ክንሓልፍ ዘይንቡር እዩ እሞ፡ ነቕልብ ደኣ።

ኣምላኽ ብኣኻ ጌሩ ስለ ዝገበረ፡
ኣብ ልዕሊ ሰባት ጽቡቕ ኣጣኸውን
እቲ ጽቡቕ
ተፈጺሙ ማለት ኣይኮነን።

1. ከምቲ ኣቐዲምና ክንጠቕሶ ዝጸናሕና፡ እቲ ኻልኣት ጠቒሙ ንርእሱ ዝድርቢ ኣገልጋሊ፡ ውጹዕ ኣገልጋሊ እዩ። ስለዚ ኣብ ናይ ኣገልግሎት ዓለም እቲ ቀዳማይ ዕላማ ንርእሰኻ ምጉሳይ እዩ። እቲ ንኻልኣት ምግልጋልካ ተመሊሱ ንዓኻ ዘየገልግል እንተ ኾይኑ ናይ ብሓቂ ዓብዪ ጉድኣት እዩ። እንተ ብምስትውዓል እንተ ብዘይምስትውዓል ኣብ ዝበዝሕ ስብከታት ወይ ዘተታት፡ "ንሕና መልእኽቲ ኣምላኽ ዝመሓላለፊ ቱቦታት ወይ ሻምብቆታት ኢና" ዝብል ቃል ክዘውትር ከሎ ንሰምዕ ኢና። ኣዕሚቕና ነቲ መልእኽቱ ምስ እንዕዘቦ ግን፡ ብዙሕ ዘሐጉስ ኣይኮነን። ቱቦ (ሻምብቆ) ናይ ማይ፡ ካብቲ ዝሕልፎ ማይ ንርእሱ ዝካፈሎ ዋላ ሓንቲ ማይ የብሉን። ብመንጽሩ እቲ ኣዘራርባ፡ ማይ ከም ዝሓልፎ ናይ መስኖ ካናል ኣምሲልካ እንተ ዝግለጽ ምሓሸ። ምኽንያቱ እቲ ማይ ዝሓልፎ ካናል ንሱን ከባቢኡን ኣዝዩ ደስ ብዘብል ሳዕሪ ሮማዲ ተሸፊኑ ኢና እንርእዮ። ካብቲ ማይ ዝቕበል ዘራእቲ ንላዕሊ እቲ መሕለፊ ማይ ካናል ብዝበለጸ ዝለምለመ እዩ።

ከምኡ ድማ ሓደ ኣገልጋሊ፡ ነቲ ካልእ ህዝቢ ንምግልጋል፡ መልእኽቲ ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብእኡ ስለ ዝሓልፍ፡ ዝያዳ እቲ ዝግልገል ዘሎ ህዝቢ፡ ንሱ ብኣገልግሎቱ ይጥቀም እዩ። ስለዚ ከኣ እዩ ንሓደ ኣርዑት ወይ ኣገልግሎት ኣምላኽ ዝጸረ ሰብ ኣብ ክንዲ ድኻም ዕረፍቲ ዝሰምዖ (ማቴ፡11፡29,30)። ንጾርን ኣርዑትን ጎይታ ፈኲስን ቀሊልን ዝገብሮ ትሕዝቶኡ ዘይኮነስ፡ እቲ ካብቲ ጾር እትረኽቦ ጸጋ ነቲ ጾር ንኽትጾሮ ዘኽእል ሓይልን ካልእ ኩሉ መንፈሳዊ በረኸታትን ስለ ዝህብ እዩ። ኣምላኽና ብኸንቱ ብዘይ ዓስቢ ብዘይ ረብሓ ተገዝኡኒ ዝብል ገፋዒ ኣምላኽ ኣይኮነን። "ኣፍ ዘኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር" ዝበለ ብዛዕባ እቶም እኽሊ ክኺዱ ዝውዕሉ ኣብዑር ገዲስዎ ኣይኮነን። (1ጢሞ፡5፡17,18 ቈረ፡9፡4-14 ገላ፡6፡6-10 1ተሰ፡5፡12,13)

እቲ ብምግልጋልና እንረኽቦ ዝዓበየ ጉስነት መንፈሳዊ ጉስነት እዩ። ዝኾነ ይኹን ጓሳ ህዝቢ፡ ንህዝቡ ብምጉሳይ ንርእሱ ክጓሲ መለኮታዊ መሰሉን ግቡኡን እዩ። ጓሶት እስራኤል ብኣንጻሩ ንርእሶም እናጓሰዩ ነባጊዕ ኣምላኽ ከይጓሰዩ ተሪፎም

ግርምቢጥ ምስ ኮነ፡ እግዚኣብሄር ጎይታ
ሰራዊት ኣብ ልዕሊኦም ከቢድን መሪርን
ውሳኔ ወሰነሎም። "... ጓሶተይ ግዲ ኣ
ባጊዐይ ኣይገበሩን፡ እቶም ጓሶት ንርእሶም
ጓሰዩ እምበር ነባጊዐይሲ ኣይጓሰይወንን
እዮም እሞ፡ ስለዚ ኣቱም ጓሶት ስምዑ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ፡ እነሆ፡ ኣብቶም
ጓሶት እጥልቕ ኣለኹ ኣባጊዐይ ከኣ
ካብ ኢዶም ክደልየን እየ። እቶም ጓሶት
መሊሶም ንርእሶም ከይጓስዩስ፡ ጕስነት ኣ
ባጊዐይ ከሕድጎም እየ..." ብምባል ፈረዶም
(ህዝ፡34፡7-10)። መደብ ኣምላኽ፡ እቶም
ጓሶት ነተን ኣባጊዕ መጓሰ እናበልዑ ን
ርእሶም ክጓስዩ ዘይኮነስ፡ ንኣታተን እናጓ
ሰዩ ንርእሶም ክጓስዩ እዩ ዝነበረ። እቶም
ጓሶት ነቲ ቅደም ተኸተል ናይ ጕስነት
ምስ ገልበጥዎ ድማ ይትረፍ ንኣታተን
ክጓስዩስ ንርእሶም እኳ ምጕሳይ ከይክእሉ
ካብቲ ኣገልግሎቶም ገልበጦም።

ነዚ ኣብነት ዝኾኑና እቶም እግዚኣ
ብሄር ብኽፋእ ዘጥፍኦም ክልቲኦም
ደቂ ኤሊ እዮም። ካብቲ ዝመጸ መስ
ዋእቲ ናይቲ ህዝቢ፡ እቲ ዝበለጸ ንኣምላኽ
ክንዲ ዝስዋእ ንርእሶም ይበልዕዎ ነበሩ።
መስዋእቲ ምብላዕ ከይኣክል ድማ ነተን
ክስውኣ ዝመጸ ኣንስቲ ይደፍርወን ነበሩ።
በዚ ኸምዚ እቲ መጓሰ ኣምላኽ ንመስዋእቲ
ኣምላኽ ክሳዕ ዝንዕቆ ገበርዎ። ንርእሶም
ክጓስዩ ክብሉ ነቲ መጓሰ ኣምላኽ ስለ ዝ
በልዕዎ እግዚኣብሄር ድማ ንእትባላዕ ሰይፊ
ጸላእቶም መጠዎም። (1ሳሙ፡2፡12-17,
1ሳሙ፡4፡1-22)

ብኣንጻሩ ድማ ንህዝቦም ከም ዝ
ግባእ ብምጕሳይ ንነፍሶም ጽቡቕ ጕስ
ነት ዝረኸቡ ኣለው። ንኣብነት ሙሴ፡ ን
ህዝቡ ይጓስየሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ንሱ
ካብ ጸጋ ናብ ጸጋ፡ ካብ ምግላጽ ናብ
ምግላጽ ይዓቢ ነበረ። ዓቕሉ እናዓዘዘ ከ
ደ። ገጹ ክሳዕ ብምንጽብራቕ ዝበርህ ክሳዕ
ክንድዚ ዘደንቕ ህይወት ረኸበ። ካብ ምጕ
ሳይ ሓሊፉ፡ ንህዝቡ ምእንቲ ከድሕን፡
ካብ መጽሓፍ ህይወት ክሕከኽ ክሳዕ ዝ
ጠልብ ክሳዕ ክንድዚ በኛ ንምኂን ዓበየ።
"ከምዚ ከማይ ዝበለ ነብዪ ክተንስኣልኩም
እዩ" ንምባል ክሳዕ ዝደፍር ክሳዕ ክን
ድዚ ንክርስቶስ ናብ ምምሳል ዓበየ። ሙ
ሴ መጀመርታ ካብ ቤት ፈርኦን ክወጽእ
ከሎ ከምዚ ዓይነት ሰብ ኣይነበረን። ብኣን
ጻሩ፡ ኣርሒቑ ዘይጥምት መንፈሳዊ ብስ
ለት ዝጎደሎ፡ ብዘይካ ተራ ዝርያ ካልእ
ክገብር ዘይሓስብ ድኹም ሰብ እዩ ነይሩ።
ናብ ኣገልግሎት ክጽዋዕ ከሎ'ውን ብዛዕባ
ርእሱ ትሑት ግምት ዝነበሮ (ካብ ዝ
ግብእ ንላዕሊ)፡ ኣብ ኣምላኽ ምእማን
ዘጸግሞ፡ ብዘይምኽኑይ ምኽንያት ምስ ኣ
ምላኽ ዝማጎት ነቓጽ ሰብ እዩ ዝነበረ። ኣ
ርዑት ኣምላኽ ጸይሩ፡ ነቲ ተሪር ዝኽሳዱ
ህዝቢ ክገልግል ምስ ጀመረ ግን ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽን ህዝብን ከመይ ከም ዝዓበ
የ፡ ብዛዕብኡ ዝተጻሕፉ ጽሑፋት ኩሎም
ብግሁድ ዝምስክሩሉ እዩ።

ንሕና'ውን ንኣምላኽ ምግልጋል
ካብ ዝጀመርናሉ ጊዜ ጀሚርና ብጸጋ
እናዓበና ከም እኸይድ ተመክሮና ዝ
ምስክሮ ሓቂ እዩ። ንህዝብና ብቓል ኣ
ምላኽ ንምግልጋል ኣብ እንብገሰሉ እዋን፡
ክንዳሎ ክንብል ኣብ ቃሉ ዘሎና ዕምቈት
ርድኢት እናወሰኸ ይኸይድ። ቃሉ ቅድሚ
ምንጋርና ንርእስና ነቲ እነገልግሎ ህዝቢ

ኮነ ንኣገልግሎትና ናብ ኣምላኽ ክንማዕቊብ ኢልና ኣብ ትሕቲ ዙፋኑ ጸግኡ ተምበርኪኽና እንገብሮ ጸሎት ናብ ኣምላኽ ዝበለጸ ቅርበት ዝፈጥር፡ ብናይ ጸሎት ህይወት ክትዓቢ ዝገብር ዓብይን ጸጋውን ልምምድ እዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮንስ ኣብቲ ዓውደ ውግእ (መድረኽ) ኬንና ኣብ እነገልግለሉ እዋን መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ዝዓዮ ዕዮ፡ ኣብ ኣፍና ዘንብሮ ቃል ምግላጽ፡ እናመሃርና ክነስና ክንመሃር ዝረድኣና ዓብይ ጸጋ እዩ። ኣብ ምስባኽ ቃል እግዚኣብሄር ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ካልእ ኩሉ ኣገልግሎታት ከምዚ ዝበለ ዕቤትን ጉስነት ኣምላኽን ከም ዝርከብ ኩሉ ብምግልጋል ዝረብሐ ኣገልጋሊ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ኣብ ናይ መዝሙር፡ ምምኻር፡ ስነ ጽሑፍ፡ ጸሎት፡ ምምሃር ወዘተ ኣገልግሎታት ኩሉ ብመጠን እቲ ከም ዝግባእ ጌርካ ዘገልገልካዮ፡ ብመጠኑ ድማ ረብሓ ነፍስኻ ከም ዝዓዝዝ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ካብቲ እነገልግሎ ኣገልግሎት ዝተላዕለ ኣብ ነፍስና ዝኾነ ደኹን ለውጢ እንተ ዘይረኺብና፡ ንህይወትናን ንኣገልግሎትናን ኣዛሚድና ክንፍትሽን ክንምርምርን ከም ዘሎና ነስተውዕል። ምኽንያቱ ዘኽይድ ብዕራይ እናበልዐ እንተዘየ ገልጊሉ ኣብ መወዳእታ ክሕለል ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ናይ ብዙሓት ትጉሃት ኣገልገልቲ ምዝሓልን ሃንደበታዊ ውድቀትን ንቤተ ክርስቲያን ኮነ ንምእመናን ዝድህል ሕማቕ ተርእዮ እዩ። እቲ ዝዓበየ ምኽንያቱ ውድቀቶምን ዛሕሎምን ካብዚ ክንብሎ ዝጸናሕና ጠንቂ ዝብገስ እዩ። ብመንፈስ ኣምላኽ ተደሪኹ ብብርቱዕ ጸዓትን ትግሃትን ክጎዩ ምስ ጀመረ ንሱ ባዕሉ ኮነ እቲ ዘገልገል ህዝቢ ዝደክም ኣይመስሎን እዩ። ድሕሪ ብዙሕ እዋን፡ ንሱ ነቲ ዝደልዮ ህዝቢ ጥራይ እምበር ንገዛእ ርእሱ እታ ነፍሱ ተድልዮ ምዃና እናዘንግዐ ይመጽእ። ጸገም ካልኣት ክፈትሕ እናጎየየ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝእከብ ዘሎ ጸገም እናዘንግዖ ይኸይድ። ኣብ መወዳእታ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸገም ከቢድዎ ወዲቑ ሕማቕ መስበርቲ ይስበር እሞ፡ እቶም ተገልገልትን ተዓዘብትን ብዙሕ ይስምብዱ። ንነዊሕ ኣዋርሕ ድማ መዛተዪ ዛዕባ ኮይኑ ይተርፍ። ዝውጥወጣ ኣጻብዕ ዘነጻጽራሉ ዕላማ (ታርጌት) ኮይኑ ክሳቕ ይነብር።

**ኣምላኽ፡ ናብ ነፍስና ናብ ረብሓና ዘተኮረ ናይ ኣገልግሎት መድረኽ ካብ ሃበና፡ ንሕና እቶም ሰብ ጉዳይ ናብ ርእስና ከየተኮርና ክንሓልፍ ዘይንብር እዩ እሞ፡ ነቕልብ ደኣ።**

ሓድሓደ ኣገልገልቲ፡ ነፍሶም ደሓን ከም ዘየላ ኣብ ዘስተውዓሉሉ ህሞት ብሃን ደበት ኣገልግሎቶም የቓርጹ። "ነፍሰይ ክሳዕ እትጥዒ ፈጺመ ኣይዓይይን እየ" ኢ ሎም ድማ ሓዲግ ውሳኔ ይውስኑ። ሞተርአ ናይ ዘጥፍአት መኪና ጸገም ምፍላጥ ኣጸጋሚ እዩ። ጸገምና ኣብ ምን ታይ ከም ዝኾነ እንፈልጦ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ኣገልግሎት ምስ እንህሉ ጥራይ እዩ። ከም እኒ ኤርምያስን ዳዊትን ዝበሉ ኣ ገልገልቲ ምንጋር ቃል እግዚኣብሄር ዘስዓ በሎም መከራን ውሽጣዊ ቅልውላውን ምስ በርትየም፡ ድሕሪ እቲ እዋን ቃል እግዚኣ ብሄር ፈጺሞም ከይዛረቡን ኣገልግሎቶም ደው ከብሉን ወሰኑ። እንተኾነ ካብቲ ዕ ዮኦም ደው ክብሉ ዘገደዶም ጸገም ንላዕሊ፡ እቲ ሰቐ ምስ በሉ ዘስዓብዎ ጸገም በርቲዑ ረኺብዎ። ከምኡ ዝዓይነቱ ምሕላል ንሙሴን ንኤልያስን ከይተረፈ በጺሕዎም እዩ።

ሙሴ፡ ንህዝቢ እስራኤል ዝኣክል ተሪር ህዝቢ ምግልጋል ደም ክሳዕ ዝጥዕሞ ኮይኑ እዩ። ብሰሪ ሕሰሞም ድማ ነቲ ዘፍቅሮን ዘኽብሮን ኣምላኹ ክሳዕ ዝደፍር ጌሮምዎ እዮም። ሓደ እዋን ምርር ምስ በሎ ስለ ምንታይ ንባርያኻ ክፉእ ገበርካኒ፡ ጾር ብዘሎ እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ርእሰይ ዘምበርካስ፡ ስለምንታይ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ዘይረኸብኩ? መጉዚት ንዝጠቡ ህጻን ከም እትጾውር፡ ክሳዕ ናብታ ነቦታቶም ዝ መሓልካሎም ምድሪ ኣብ ሕቑፍኻ ጹሮም፡ እትብለንስ፡ ነዚ ኹሉ ህዝቢ እዚ ኣነዶ ጠኒሰዮ፡ ኣነዶኸ ወሊደዮ እየ? እናበ ኽዩ እንበልያ ስጋ ሃበና ይብሉኒ ኣለው፡ ነዚ ኹሉ ህዝቢ እዚ ዝህቦ ስጋኸ፡ ካበይ ከረኽቦ እየ? እምብዛ ከቢዱኒ እዩ'ሞ ን ብዘሎ እዚ ህዝቢ እዚ ኣነ በይነይ ክጾሮ ኣይክእልን እየ። ከምዚ ትገብረኒ ካብ ኰንካ፡ ነቲ መከራይ ከይርኢ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተደአ ረኺ በስ፡ ብሓደ ኣፈቱ ቅተለኒ።" ብምባል ከቢድ ምረት ዘለዎ ቃል ዕሽነት ተዛረበ(ዘሁ፡11፡10-15)።

ንጾርን ኣርዑትን ጎይታ ፈኹስን ቀሊልን ዝገብሮ ትሕዝቶኡ ዘይኮነስ፡ እቲ ካብቲ ጾር እትረኽቦ ጸጋ ነቲ ጾር ንኽትጾሮ ዘኽእል ሓይልን ካልእ ኩሉ መንፈሳዊ በረኸ ታትን ስለ ዝህብ እዩ። ኣምላኽና ብኸንቱ ብዘይ ዓስቢ ብዘይ ረብሓ ተገዝኡኒ ዝብል ገፋዒ ኣምላኽ ኣይኮነን።

ሙሴ ሓደ ዓብይ ዝዘንግዖ ነጥቢ፡ ጾር ኩሉ ህዝቢ ኣብ ልዕሊኡ እግዚኣ ብሄር ስለዘንበረሉ ዝተወጽዐ፡ ሞገስ ዝሰኣነ፡ እምበር፡ ረብሓን ሞገስን ከም ዝረኸበ ብዘይ ምሕሳቡ እዩ። "በይነይ ክጾሮ ኣ ይክእልን እየ" ምባሉ፡ ጾር ናይዚ ኹሉ

ህዝቢ ንሱ ጸይርዎ ከም ዘየሎ ኣየስተውዓለን። ንሱ ኣሸንኳይ ንምሉእ ህዝቢ ክጸውርሲ ንርእሱ ክጸውር እኳ ዓቕምን ብቕዓትን የብሉን። ዳዊት ጾር ነፍሱ ከይተረፈ እግዚኣብሄር ይጸረሉ ከም ዘሎ ምስ ኣስተውዓለ "እግዚኣብሄር ይባረኽ፡ ነንመዓልቲ ጾርና ይጸውር ኣሎ፡ ንሱ ኣምላኽ ምድሓንና እዩ" ብምባል ኣመስገነ (መዝ፡68፡19)። ንቶም ጾሮም ባዕሎም ብምጻር ዝሸገሩውን "ጾርካ ናብ እግዚኣብሄር ደርብዮ፡ ንሱ ክድግፈካ እዩ። ንጻድቕ ሰንከልከል ክብል ከቶ ኣይሓድጎን እዩ" ብምባል ምዒዱ እዩ (መዝ፡55፡22)።

ጐይታ ክምልሰሉ ከሎ ግን ነቲ ጾር ንሱ ዘይኮነስ መንፈስ ኣምላኽ ይጾሮ ከም ዝነበረ ኣረጋገጸሉ። ነቲ ጾር ዘጸውርዎ ሰብዓ ሰባት ሙሴ ባዕሉ ክሓሪምስ ነገሮ፡ ንቶም መጸውርቲ ሰባት ዝኸውን መንፈስ ግን "ካብቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ መንፈስ ክወስድ እየ" በሎ (ዘሁ፡11፡17)። ስለዚ ሙሴ ከይተረድአ ነቲ ዝሰልከዮ ጾር ህዝቢ ዘይኮነስ፡ እቲ ንዘይጽወር ዘጽውር መንፈስ ኣምላኽ ክለዓለሉ እዩ ዝሓትት ነይሩ።

2. እቲ ካልኣይ፡ ብዝሃበና ኣገልግሎት ገይሩ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትና ክፍጽሞ ዝደለየ ዕላማ ድማ ኣዝዩ ግሩም እዩ። ብምግልጋልና ወኪል ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ህዝቡ፡ ወኪል ህዝቢ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ክንከውን እዩ ዝደልየና። ከም ኣመንቲ መጠን፡ ክንድቲ ናይ ክርስቶስ ዝኣክል ህይወት እኳ እንተዘይብልና፡ ብኹሉ ዓይነት ህይወቱ ንእኡ ክንመስል ዝዓበየ መንፈሳዊ ሓላፍነትና እዩ። ጎይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ንኣምላኽ ንሰብን ዝውክል ኣካል ኮይኑ ተመላሊሱ እዩ። እዚ ክንብል ከሎና ነቲ መለኮታዊ ባህርዩ ክንሻመዎ ዘይኮነስ፡ ነቲ ብሕድሪ ዝገደፈልና ኣገልግሎት ንኽን ምልአ እዩ።

እቲ ንኻልኦት ምግልጋልካ ተመሊሱ ንዓኻ ዘየገልግል እንተኾይኑ ናይ ብሓቂ ዓብዩ ጉድኣት እዩ።

ሀ. እቲ ቀዳማይ እንርእዮ ሓሳብ፡ ንህዝብና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ወኪል ምዃን እዩ። ህዝቢ ናይ ውልቀ ሰባት ድምር ውጽኢት ከም ምዃኑ መጠን ኩሉ ሰብ በብውልቁ ነንርእሱ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክውክል ይኽእል እዩ። እንተኾነ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝረሓቐ ንኽምለስ ኣብ ክንዲ ኣምላኽ ኮይኑ ብቓሉ ዝገንሕ ሰብ እቲ ኣገልጋሊ እዩ። ሓጢኣት ምስ ረኣየ፡ ዓገብ ኢሉ ኣንጻር ረሲእነት ዝቐውም እቲ ናይ እግዚኣብሄር ኣገልጋሊ እዩ። ብሰሪ ኣበሳኣም ንኽ ይጠፍኡ እግዚኣብሄር ምሕረት ንኽገብረሎም፡ ንንስሓ ዝኸውን ልብን ጊዜን ንኽህቦም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ

ተደፊኡ ዝልምን እውን እቲ ንኣገልግሎት እግዚኣብሄር ርእሱ ዝወፈየ ሰብ እዩ።

ከም እኒ ኣብርሃም፡ ሙሴ፡ ሳሙኤል፡ ነህምያ ዝኣመሰሉ ሰባት ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኮይኖም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ኢሎም ምሕረትን ሕድገትን ዝለመኑ ቅዱሳን እዮም። ንሳቶም ንርእሶም ኣብ ውሑስን ደሓንን ዝኾነ ህይወት ስለ ዘለው እቲ ህዝቢ ባዕሉ ይፍለጥ ክብሉ ኣይተራእዩን። ኣብርሃም ምእንቲ ህዝቢ ሰዶም ዝለመኖ ልመና፡ ናይ ሎሚ ክርስቲያን ክንድኡ ዝኣክል ልመና ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ይልምን እዩ ክትብል'ውን ኣጸጋሚ እዩ። እግዚኣብሄር ከይዕዘቦን ከይቁጥዖን ክሳዕ ዝፈርህ፡ ጸሎቱ ድማ ከም ናይ ዋጋ ዕዳጋ ውረድ ደይብ ክሳዕ ዝመስል እዩ ለሚኑ (ዘፍ፡18፡16-33) ሙሴ'ውን ይትረፍ ብዛዕባ ህዝቡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ምባል ክዝንግዕስ፡ ንህይወቱ ከም መስዋእቲ ክሳዕ ዝውፈ እዩ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብ ኹራ ኣምሪሩ ዝለመነሎም (ዘጸ፡32፡32)። ሳሙኤል እውን "ምእንታኹም ምልማን ብምሕዳገይ ንእግዚኣብሄር ምብዳልሲ ካባይ ይርሓቕ" ክሳዕ ዝብል ክሳዕ ክንድዚ ርድኢት ነበሮ (1ሳሙ፡12፡19-23)። ዳንኤልን እዝራን ነህምያን፡ ምእንቲ እቲ ብሓጢኣት ዝተወግአ ህዝቦም ጸሎቶም ክተንብቦ ከለኻ፡ እዚ እንዛረበሉ ዘለና ሓሳባት ማዕረ ክንደይ ኣዕዚዞም ተረዲኦምዎ ከም ዝነበሩ ዝሕብረና እዩ (እዝ፡9፡5-15 ነህ፡1፡4-11 ዳን፡9፡4-20)።

እቲ ካልእ ክነስተውዕሎ ዝግባእ ሓቂ፡ እቲ ንህዝቡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክውክል ብቑዕ ዝኾነ ሰብ፡ ነቲ ህዝቢ ብምምሳል'ውን ብቑዕ ክኸውን ናይ ግድን እዩ። ክርስቶስ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ኣብዚ ምድሪ ክመላለስ ዘድለዮ መሰረታዊ ምኽንያት፡ ነቲ ህዝቢ ንምውካል ብቑዕ ምእንቲ ክኸውን እዩ። ከምቲ ጸሓፊ ናይ እብራውያን መልእኽቲ "ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ከተዓርቕ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ካህናት ምእንቲ ክኸውን ብኹሉ ነቶም ኣሕዋቱ ክመስሎም ተገብኣ። ንሱ ባዕሉ ክፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ፡ ነቶም ዝፍተኑ ክረድኦም ይኽእሎ እዩ" ብምባል ዝገለጾ። ነቲ ህዝቢ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ህይወቱ ከይመሰልካዮ ብድንጋጸ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብካ ንኽትተዓርቕ ኮነ ንኽትምዕድ ኣይትበቅዕን ኢኻ (እብ፡2፡17,18)።

ኣገልጋሊ ንህዝቡ ክመስል ኣለዎ ክብል ከለኹ ምስቲ ህዝቢ ሓጢኣት ይለማመድ ማለተይ ኣይኮንኩን። ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ናይቲ ህዝቢ ዘሎ ኩሉ ነገር ሓጢኣት እዩ ማለት ኣይኮነን። ክርስቶስ ብዘይካ ኣብ ሓጢኣት ዝኾነ ነገር፡ ኣብ ማሕበራውን መንፈሳውን ህይወት ናይቲ ህዝቢ ንጡፍ ተራ ይጻወት ከም ዝነበረ ንምፍላጥ ነርባዕቲኡ ወንጌላት ምንባብ ኣኻሊ ዩ። ምስ ተጋዊ ኮነ ምስ ፈሪሳዊ፡ ምስ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ፡ ኣብ መርዓ ኣብ ሓዘን፡ ኣብ ቤት ጸሎት ኣብ ዕዳጋ፡ ኣብ ቤት ኣብ ኣደባባይ ኣብ ኩሉ ቦታ ንኹሉ ዓይነት ሰብ እናኣገልገለ፡ ንዝኾነ ደኹን ኣጋጣሚ ናብ ረብሕኡ የውዕሎ ከም ዝነበረ ካብ ጽሑፋት ብምንባብ ኣኻሊ መርትዖ ምርካብ ይከኣል እዩ።

## ካብቲ እነገልግሎ ኣገልግሎት ዝተላዕለ ኣብ ነፍስና ዝኾነ ድኹን ለውጢ እንተዘይረኺብና፣ ንህይወትናን ንኣገልግሎትናን ኣዛሚድና ክንፍትሽን ክንምርምርን ከም ዘሎና ነስተውዕል

ኣብ መብዛሕትኡ ሕብረተሰብና፣ ብዛዕባ ናይ መንፈሳዊ ሰባት ማሕበራዊ ህይወት ኣሉታዊ ርእይቶ ክወሃብ ይስማዕ እዩ። ኣብ መንፈሳውያን ሰባት ንኻልኦት ሰባት ምጽያፍ ምንዓቕ ከም ዝርአ፣ ኣብ ሓዘኑ ኣብ ሓጎሱ ኣብ ካልእ ባህላዊ ኣካይድኡ ክሕወሱ ዘይምድላይ፣ ንዘለዎም ድኹም መንፈሳዊ ርድኢት ምዝላፍ ዝኣመሰሉ ባህርያት ይረኣዩ እዮም። ፈሪሳውያን ኀይታ ምስ ተገውቲ ብምሕባሩ ይግረሙ፣ ብኣንጻሩ'ውን ተገውቲ ከምኡ ምስ ፈሪሳውያን ዘቀራርቦ ነገር ዘይብሉ ክነሱ ክሳብ ኣብ መኣዲ ናይ ገዝኦም ክሓብሮም ክርእዩ ከለው ኣዝዮም ይግረሙ ከም ዝነበሩ ኣይከሓድን እዩ። ኣብዚ ማሕበራዊ ተሳትፎ እዚ ብዙሕ ፈተና ኣሕሊፉ እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ እቶም ህዝቢ ዘጋጥሞም ፈተና ብግብሪ ጥዒሙ ይፈልጦ እዩ። ኣብቲ ሓጢኣት ኣይሓበሮምን፣ ነቶም ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ብሓጢኣት ዝፍተኑ ብድንጋጸ ክረድኦም ግን ኣኽኢልዎም እዩ። ንሕና'ውን ካብ ናይ ኀይታና ዝተፈልየ ኣቀራርባ ክህልወና ኣይግባእን እዩ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ "ስለዚ ክኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን እንታ ዘይብሉ ሕልና ክህልወኒ ኩሉ ጊዜ እጽዕር ኣለኹ" ዝበለ ንሕናውን እዚ ዝዓይነቱ ጻዕሪ የድልየና እዩ (ግብ፡24፡16)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ኣብ ቅድሚ ሰብ እንታ ዘይብሉ ሕልና ንምርካብ ዝጸዓረሉ ብልሓት ክነግረና ከሎ ኣብ 1ቈረ፡9፡19-23 "ካብ ኩሉ ሓራ ክነሰይ፡ ኣነ ንብዙሓት ምእንቲ ክረብሕ ንርእሰይ ባርያ ኩላቶም ገበርክዋ። ነቶም ኣይሁድ ምእንቲ ክረብሕ ምስ ኣይሁድ ከም ኣይሁዳዊ ኮንኩ። እቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለው ምእንቲ ክረብሕ ክኣ፡ ባዕለይ እኳ ትሕቲ ሕጊ ዘይኮንኩ ክነሰይ፡ ምስቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለው፡ ከምቲ ትሕቲ ሕጊ ዘሎ ኾንኩ። ነቶም ሕጊ ዘይብሎም ምእንቲ ክረብሕሲ፡ ብሕጊ ክርስቶስ እምበር ብዘይ ሕጊ ኣምላኽ ዘይኮንኩ ክነሰይ፡ ምስቶም ሕጊ ዘይብሎም፡ ከምቶም ሕጊ ዘይብሎም ኮንኩ። ኣነ ነቶም ድኹማት ምእንቲ ክረብሕ ድማ ምስቶም ድኹማት ድኹም ኮንኩ። ብኹሉ መንገዲ ንገሊኦም ምእንቲ ከድሕን ንኹላቶም ኩሉ ኾንኩ። እዚ ኹሉ ምእንቲ ወንጌል፡ ንርእሰይ'ውን ካብኡ ክካፈል ኢለ እየ ዝገብሮ ዘለኹ።" ብምባል ኣድላይነት ምምሳል ህዝብኻ ኣብሪሁልና እዩ። "ምእንቲ ክድሕኑስ ጥቕሚ ብዙሓት እምበር፡ ጥቕሚ ርእሰይ ከይደለኹ፡ ከምኡ ድማ ኣነ ብኹሉ ነገር ንኹሉ ሰብ ኣሐጉስ ኣለኹ።" (1ቈረ፡10፡33)።

ለ. እቲ ካልኣይ እንርእዮ ሓሳብ ድማ፡ አ
ገልጋሊ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ወኪል ናይ አ
ምላኹ ምዃኑ እዩ። እግዚኣብሄር ዝደለዮ
ነገር ብውልቁ ክገብር ዘየጸግሞ እኳ እን
ተኾነ፡ ነቲ ብምስሊ ኣርኣያኡ ዝተፈጥረ
ሰብ መዓይይቱ ክገብሮ ፈትዩ እዩ። እቲ
ሓይሊ ካብኡ፡ እቲ ጥበብ እቲ ጸጋ ካብኡ
ክነሱ፡ እቲ ሞገስን እቲ ዓስብን ንሰብ
ክህቦ ፈትዩ። ኣብቲ ኩናት ምስ ወረዱ፡
እቲ ውግእ ናቱ እቲ ዓወት ግን ናታቶም
ምዃኑ ንእስራኤላውያን ነጊርዎም እዩ
(2ዜና፡10፡15-17)። መዓይይቱ ኣገልገልቱ
ክነስና ገና ነቲ ዝዕየ ኣባና ኮይኑ ዝዓዪ ን
ሱ እዩ። እዚ ከኣ እዩ ነቲ ውክልናና
ብቕዓት ዝህቦ። ነዚ ሓቂ እዚ ዘረጋግጸልና
ቃላት፡ ሃዋርያ ጳውሎስ "ኣምላኽ ንዓለም
ምስ ርእሱ ክዓርቃ ከሎ፡ ኣብ ክርስቶስ
ነበረ እሞ በደሎም ኣይሓዘሎምን፡ ኣባና
ከኣ ቃል ዕርቂ ኣንበረ። ስለዚ ንሕና ኣብ
ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ፡ ኣ
ምላኽ ብኣና ጌሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና
ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን፡
ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና
ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ
እናበልና፡ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኴንና ን
ልምነኩም ኣሎና።" ብምባል ጽሒፉ ኣሎ
(2ቈረ፡5፡19-21)። እምበኣርከስ ዝኾነ ይኹን
ኣማኒ ናይ ክርስቶስ ቃል ዕርቂ ኣብ ነፍ
ሱ ጸይሩ፡ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኽ ኮይ
ኑ ነቶም ምስ ኣምላኽ ብምብኣስ ርሒቖም
ዘለው ተዓረቑ እናበለ ክልምን ግቡእ እ
ዩ። ንነብዪ ህዝቅኤል ከይተረፈ ብዛዕባ
እዚ ሓላፍነት እዚ ብግልጺ ተነጊርዎ እ
ዩ። "ኣታ ወዲ ሰብ፡ ኣብ ቤት እስራኤል
ሓዊ ገይረካ ኣለኹ። ካብ ኣፈይ ቃል ስ
ማዕ እሞ፡ ኣብ ክንደይ ኴንካ መዓዶም።
" ዝብል ትእዛዝ ጐይታ፡ ኣብ ቅድሚ
ህዝቢ ወኪል ናይ ኣምላኽ ምዃንና
ዘብርሃልና ንጹር ቃል እዩ (ህዝ፡3፡17)።

> **ሙሴ ከይተረድኦ ነቲ ዝሰልከዮ ጾር ህዝቢ ዘይኮነስ፡ ነቲ ንዘይጽወር ዘጽውር መንፈስ ኣምላኽ ክለዓለሉ እዩ ዝሓትት ነይሩ።**

ስለዚ ከም ወከልቲ ኣምላኽ
መጠን ንእኡ ዝመስል ህይወት ክህልወና
ብግዲ እዩ። ከምቲ ንሱ ቅዱስ ዝኾነ ቅዱ
ሳት እንተ ዘይኴንና፡ ከምቲ ንሱ
ፍትሓዊ ዝኾነ ፍትሓዊ ዝኾነ ህይወት እን
ተ ዘይብልና፡ ከምቲ ንሱ መፍቀሪ ዝኾ
ነ መፍቀርቲ እንተ ዘይኴንና፡ ኣብ ቅድሚ
ህዝቡ ክንውክሎ ኣይብቑዓትን ኢና። ንስ
ሙን ንቓሉን ኣብ ኣፍና ስለ ዝመላእና
ጥራይ ክንዲ ክርስቶስ ኴንና ኣብ ቅድሚ
ህዝቡ ክንቀውም ኣይኽእልን ኢና። ብመ
ሰረቱ ጐይታ ደቀ መዛሙርቱይ ምዃንኩ
ም ብፍቕርኹም ክለልዩኹም እዮም እምበር
ብዓይነት ዘረባኹም ክትልለዩ ኢኹም ኣ

ይበለናን። እግዚኣብሄር ንሓጢኣት ምስ ረኣየ ከም ዝጉህዮ ጌርና ክንጉሂ እንተ ዘይ ክኢልና፡ ነፍስና ንሓጢኣት ሸለል ክትብል ከም ዝቐልላ ግሁድ እዩ። እግዚኣብሄር ብባህርዩ ንሓጢኣት ሸለል ክብል፡ ንርኹስ ከም ንጹህ ክርኢ ኣይኮነሉን እዩ (ዘጸ፡34፡6,7)

ብኣንጻሩ ከኣ ኣምላኽ ንሓጢኣት ዘይኮነስ ንሓጥእ ሰብ ብዓይኒ ምሕረትን ፍቕርን ርእዩ ሕድገት ክገብረሉ ፍታው እዩ። ከምዚ ኽንገብር ዝረድእ ድማ ንሓጥኣንን ንሓጢኣትን ፈልዩ ክርእ ዝኽእል ክኢላ ስለ ዝኾነ እዩ። ንሕና ደቂ ሰባት ሓደ ሰብ ሓጢኣት ፈጺሙ ምስ ረኣናዮ፡ ነቲ ክድንገጸሉን ክጸዓረሉን ዝግባእ ሓጥእ ምስቲ ሓጢኣት ሓዊስና ክንጽየፎን ክንጸልኦን ንርከብ። ንኣምላኽ ወኪልና እንሰርሕ ሰባት እንተኾንና ነዚ ባህርይ ናይ ኣምላኽ እዚ ክንለብስ ብግዲ እዩ።

እቲ ካልእ፡ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኬንና ክንሰርሕ ከሎና ክነስተውዕሎ ዘሎና ነጥቢ'ውን ክዝንጋዕ የብሉን። ክርስቶስ ኣብዚ ምድሪ እዚ ክገልግል ከሎ ይምህር ጥራይ ዘይኮነስ መከራ'ውን ይጸግብ ነይሩ እዩ። ነቶም ኽኸውክልዎ ዘሰልጥኖም ዝነበረ ደቀ መዛሙርቲ ከኣ፡ ምእንቲ ስሙ ክሓስሩን መከራ ክጸግቡን ከም ዘለዎም ገሊጹሎም እዩ (ዮሃ፡15፡18-21)። ናይ ዘመንና ኣገልጋሊ'ውን ኣብቲ ናይ መድረኽ ጉዳይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ናይ መከራ ጉዳይ'ውን ጎይትኡ ክውክል ብግዲ እዩ። ነዚ ድማ ብንሂ ዘይኮነስ ብሓጎስን ብምስጋናን ክኸውን ይግባእ (ማቴ፡5፡ 11,12)። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ቈሎሴ "ሕጂ በቲ ምእንታኻትኩም ዝኾነ ጸበባይ እሕጎስ ኣለኹ። ምእንቲ እታ ስግኡ ዝኾነት ማሕበር፡ ብስጋይ ነቲ ጎደሎ (ዝተረፈ) መከራ ክርስቶስ እምልእ ኣለኹ" ብምባል ነቲ መከራ ስጋ ክርስቶስ ብስጋና እንምልእ ንሕና ምዃንና ይሕብረና ኣሎ (ቈሎ፡1፡ 24)። ክርስቶስ ርእሲ፡ ንሕና ከኣ ኣካላት ስግኡ ኢና። ምእንቲ ስሙ መከራ ክንቅበል ከሎና፡ ነቲ መከራ ስጋ ክርስቶስ ንቕጽሎ ወይ ንምልእ ኣለና ማለት እዩ።

ምእንትዚ ድማ እዩ ጎይታ ሃዋርያት ክሳደዱ ከለው ንሱ ይሳደድ ከም ዘሎ ዝተኣመነ። ንሳውል "ንምንታይ ንኣታቶም ትሰጎም ኣለኻ?" ዘይኮነስ "ንምንታይ ንዓይ ትሰጎኒ ኣለኻ" እዩ ዝበሎ። ብኣካል ስጋ ኣባና እኳ እቲ መከራ ይወርድ እንተሃለወ፡ ነቲ መከራና ዝቕበሎ ዘሎ ንሱ እዩ። እቶም ንኣሽቱ ኣሕዋቱ ማለት ሃዋርያት ካልኦት ኩሎም ኣመንትን ጠምዮም ጸሚኦም ዓሪቖም ተኣሲሮም ክሸገሩ ከለው ነቲ መከራ ንሱ እዩ ዝቕበሎ ነይሩ። ስለዚ ከኣ እዩ ክፈርድ ከሎ ጠምየ ጸሚአ ዓሪቐ ዘይረዳእኩምኒ ብምባል ክፋረዶም ከሎ ኣብ ጽሑፋት እንንብቦ (ማቴ፡25፡33-47)። እምበኣር ከምቲ ኣብ ካልእ ኩሉ ክንውክሎ ባህ ዝበለና፡ ኣብ መከርኡ ክንውክሎ ብዝያዳ ባህ ክበለና ይግባእ እዩ።

# ሚዛናዊ ዓወት

## ዘጸ፥17፥8-15

እቶም ብዘደንቕ ተኣምር ካብ ምድሪ ግብጺ ዝወጹ እስራኤላውያን፡ ኣብቲ ናይ ጉዕዞ ዘመኖም ኣዝዩ ብዙሕ ጸገምን፡ ንእኡ ዝኣሊ ተኣምራታዊ ፍታሕን ተሞኲሮም እዮም። ብርቱዕ ናይ ማይ ጽምኢ ኣጋጢምዎም ምስ ተሸገሩ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄርን ሙሴ ባርያኡን ከቢድ ምጉርምራም ኣጕረምሪሞም፡ እግዚኣብሄር ከኣ ብዘደንቕ ተኣምራት ነቲ እዋናዊ ምረቶም መወዳእታ ገበረሉ። ብጽምኢ ንዝ ቓሕተወት ነፍሶም ኣጥሊሉ፡ ነቲ ጥዑም ዘይወጾ ኣፎም ዓበሶ። ድሕሪ እዚ ምረት እዚ ናይ ምስጋና ቃል ከም ዘውጽኡ ኣይ ነንብብን ኢና። (ዘጸ፥17፥1-7)።

ብድሕርዚ ኣማሌቃውያን መጺኦም ምስ እስራኤላውያን ሓያል ውግእ ገጠሙ። ኣማሌቃውያን ካብዚ ዘመን እዚ ጀሚሮም ክሳዕ ነብዩ ሕዝቅኤል ዝነበረሉ ዘመን ንህዝ ቢ እስራኤል ይቃወምዎ ነበሩ (መሳ፥3፥13, መሳ፥6፥3 1ዜና፥4፥43)። ስለዚ ከኣ ብዘመን ሳኦል ፍጹም ክድምሰሱ ኣዚዙ ነበረ። ኣ ማሌቃውያን ንህዝቢ እስራኤል ንሳዕሊ፡ ንሓ ሳብ እግዚኣብሄር ዝተዋግኡ፡ ካብ ወገን ኣ ህዛብ ዝኾኑ፡ ካብ እስራኤል ብወገን ደቡብ ዝርከቡ ህዝቢ እዮም።

ሙሴ፡ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ፡ ገጢምዎ ንዘሎ ፈተና ብኸመይ ግብረ መልሲ ከህብ ከም ዘለዎ ኣይሰሓቶን። ብልጫ ቅዱሳን ድማ ኣብዚ እዩ ዝርከ ብ። ንምድራዊ ከውንነት ምስ ሰማያዊ ተኽእሎታት ከዛምድ ዝኽእል ኣእምሮ ሒዞም ስለ ዘገልግሉ ኣብ ጸቢብ ኩነታት እኳ ንኣምላኽ ከስምርዎ ኣየጸግሞምን እ ዩ። ስለዚ ከኣ ሙሴ፡ ነቲ ረድኢ ናቱ ንኢያሱ "ሰባት ሕረየልና እሞ ወጺእካ ምስ ኣማሌቃውያን ተዋጋእ። ኣ ነ ጽባሕ በትሪ ኣምላኽ ኣብ ኢደይ ሒዘ ኣ ብ ርእሲ እቲ ከረን (እምባ) ደው ክብል እየ" በሎ። ሙሴ ንኢያሱ ኻኹሎም ህዝቢ ሒዝካ ናብቲ ውግእ እቶ ኣይበሎን። ብኣን ጻሩ ሕሩያትን ንኹናት ዝበቕዑን ሰባት ጥራይ ክሓሪ ከምዘለዎ እዩ ነጊርዎ። እግዚኣብሄር'ውን ንንገስታት እስራኤል ብውሑድን ሕሩይን ዝኾነ ሰራዊት ክገጥሙ ከም ዘለዎም ይምዕድ ነበረ። ንኣብነት ጊደዎን ካብ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰራዊት ናብ ብኣማኢት ጥራይ ዝቑጸሩ ሰራዊት ኣ ጕዲሉ ክወፍር እዩ ብእግዚኣብሄር ተ ነጊርዎ። ኣብርሃም ኣቦናውን ኣብ ቤቱ ብዝተወልዱ 300 ዝኾኑ ገላዉ ጌሩ'ዩ ን ሓሙሽተ ነገስታት ዝሰዓረ (ዘፍ፥14፥12-24)።

እንተኾነ ሙሴ ብቕልጽም ኢያሱ ጥራይ ዓወት ከም ዘይርከብ ስለ ዘስተውዓ ለ፡ ካልእ ሓያልን መለኮታውን ቅልጽም ደለየ። ቅድሚ ሕጂ ቅልጽም ኣምላኽ ዝ ተጋህደሉ ሰብ ስለ ዝነበረ ብዘይ'ዚ

ቅልጽም ከወፍር ኣይኮነሉን። ንማያት
ባሕሪ ዝኸፍል ቅልጽም፡ መንኮርኮር
ሰረገላታት ግብጺ ዘምሉቕ ቅልጽም ጥዒ
ሙስ፡ ሕጂ ግን ብተራ ስጋዊ ቅልጽም
ከወፍር ኣይደልን እዩ። ስለዚ ድማ ንበትሪ
ኣምላኽ ኣብ ኢዱ ሒዙ ኣብ እምባ
ክድይብን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጸሎት
ደው ክብልን መረጸ። እዛ ኣብ ኢዱ ዘላ
በትሪ፡ ንቕልጽም እግዚኣብሄር ዘግሃደት ን
ቕልጽም ነገስታታት ምድሪ ዝሰበረት በትሪ
እያ። ኣብ ኣጻምእ ምድረ በዳ ካብ ከውሒ
ማያት ዘውጽእት፡ ገበላት ግብ
ጺ ዝወሓጠት፡ ንማያት ናብ ደም ዝቐየረት
ተኣምራዊት በትሪ እያ። ቅልጽም ኣምላኽን
ቅልጽም ሰብን ዘወሃሃደት ሰማያዊት በትሪ
እያ።

**ንምድራዊ ክውንነት ምስ ሰማያዊ ተኽእሎታት ከዛምድ ዝኽእል ኣእምሮ ሒዞም ስለ ዘገልግሉ ኣብ ጸቢብ ኩነታት እኳ ንኣ ምላኽ ከስምርዎ ኣየ ጸግሞምን እዮ።**

እያሱ ድማ ከምቲ ሙሴ ዝበሎ
ገበረ። ከይዱ ምስ ኣማሌቃውያን ውግእ
ገጠመ። ብዙሓት ካብቶም ተዋጋእቲ ድማ
ምእንቲ ህዝቦም የውድቑን ይወድቑን
ነበሩ። ክልቲኡ ምርጭኦም ኣይነበረን፡ እን
ተኾነ ምእንቲ ህዝቦም ክብሉ ክፍጽምዎ ዝ
ግብኦም ዕድሎም ኮይኑ እዩ። እቶም
ሴፍ ዝመልሑ ቀስቲ ድማ ዝውርውሩ ሓ
ያላት ተዋጋእቲ ዘይፈልጥዎ መስርሕ ግን
ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዘሎ እምባ ይፍጸም
ነበረ። እቲ ውሳኔ ናይቲ ዓወት ኣብቲ
ሜዳ፡ ኣብቲ ዓውደ ውግእ ዘይኮነስ ኣብ
ሓደ ካልእ ልጉስ ቦታ እዩ ዝፍጸም ነይሩ።
ሙሴ ኢዱን በትሩን ናብ ሰማያት ናብ ላዕ
ሊ ዘርጊሑ ይጽሊ ነበረ። ኣእዳዉ እንተ
ተላዒለን እስራኤላውያን ይስዕሩ ይደፍኡ የ
ጥቅዑ ነበሩ። ጸላእቶም ብስሕለት ሴፍ
ይወድቁ፡ ይስምብዱ ይፈርሁ ይሃድሙ ከኣ
ነበሩ። ብኣንጻሩ ኣእዳው ሙሴ ረብረበን
ናብ ምድሪ ገጸን ክንቆልቁላ ከለዋ ድማ ኣ
ማሌቃውያን ይስዕሩ፡ የውድቑ የሰምብዱ
ነበሩ። ነዚ ኹሉ ፍጻሚታት እዚ እቶም ኣ
ብ ታሕቲ ዝዋግኡ ዘለው ኣማሌቃውያን ኮ
ኑ እስራኤላውያን ኣይፈልጥዎን እዮም። ን
ሳቶም ስለ ዝበርትዑ ወይ ስለ ዝደኸ
ሙ ዝስዕሩ ወይ ዝሰዓሩ ዘለው ይመስሎም
ነበረ።

ሓደ ህዝቢ፡ ንምድራውን ሰማያውን
ክውንነት ኣዛሚዱዎ ዝርእዩ፡ ትእምርቲ
ናይታ ዘለውዋ ወቕቲ ዘለልዩ ሰባት እንተረ
ኺቡ ብሓቂ ዕድለኛ እዩ። ህዝቢ ኮነ ቤተ
ክርስትያን ድማ ከምዚ እንተ ስኢና ኣዝያ
እያ እትውጻዕ። ህዝቢ እስራኤል ግን ኣብዛ
ፈታኒት ወቕቲ እዚኣ ከምዚኦም ዝበሉ
ሰባት ብምርካቦም ንኣምላኽ ከመስግኑ
ይግባእ እዩ። ናብቲ ሙሴ ኣብ እምባ ኮይ

ኑ ዝዋግኦ ውግእ ዘሰንይዎ ክልተ ሰባት ነይሮም እዮም። ኣሮንን ሁርን ናብቲ ሙሴ ዘካይዶ ዘሎ ናይ እምባታት ኩናት፣ ናብቲ ደም ምፍሳስ ዘይረአዮ ረቂቕ ኩናት ኣሰንዮምዎ ነበሩ። እግዚኣብሄር ከውድቕ ከሎ እምበር ክወቕዕ ከሎ ኣይረአይን እዩ። ሙሴ ነዚ ሓይሊ እዚ ክንቕንቕ እዩ ልዕል ናብ ዝበለ ከረን ዝደየበ። ሙሴ ናብቲ ከረን እቲ ምድያቡ፣ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ዝነበሮ ብረኽ ከምዝወሰኸ ጥራይ ኣይኮነን ዝገልጸልና። ሓለፋ ናይቲ ጂኦግራፍያዊ ብራኽ፣ ብእምነት ብጸሎት ብትውክልቲ ኣብ ኣምላኽ'ውን ነፍሱ ናብ ላዕሊ ኣዝያ ልዒላ እያ። ምናትን ቅልጽምን ናይ ኣእዳው ካብ ሓደ ሜትሮ ንላዕሊ ዘይከውን ንላዕሊ ክምጠጣ ከለዋ፣ ቅልጽም እግዚኣብሄር ግን ካብ ሰማያት ክሳብ'ቲ ኣብ እግሪ እምባ ዘሎ ዓውደ ውግእ ይዝርግሓ ነይረን።

***ሓደ ህዝቢ፣ ንምድራውን ሰማያውን ክውንነት ኣዛሚዱም ዝርእዩ፣ ትእምርቲ ናይታ ዘለውዎ ወቕቲ ዘለልዩ ሰባት እንተረኺቡ ብሓቂ ዕድለኛ እዩ***

ናይ ኣሮንን ሁርን ፍሉይ ምስትውዓል ድማ ኣብዚ እዩ ዝምርኮስ። ኣብ ሰማያት ይፍጸም ንዘሎ ስውር ኩነታት ንኽፈልጡ ንቕልጽም ሙሴን ንቕልጽም ኢያሱን የዛምድወን ነበሩ። ነቲ ናብ እግዚኣብሄር ዝተዘርግሐ ቅልጽም ሙሴን፣ ነቲ ናብ ክሳድ ጸላእቲ ዝተዘርግሐ ቅልጽም ኢያሱን እተራኸብ ቅልጽም ንምርኣይ ኣተኩሩ። ልቦም ንምስትውዓል ስለ ዘቕንዑ እቲ ምስጢር ኣይተሰወሮምን። ኣብ ሰማያት ንዘሎ ቅልጽም እግዚኣብሄርን ኣብ ምድሪ ንዘላ ቅልጽም ኢያሱን ዘራኽበት ነጥቢ (Intersection Point) ኣየነይቲ ምዃና ድማ ጽቡቕ ገሮም ኣለለይዋ። ብድሕርዚ ድማ እዮም ነቲ ጉዳይ ብዓወት ክዛዝም ዝኽእል ግቡእ ስጉምቲ ዝወሰዱ። ምርብራብ ናይ ሙሴ ንምርብራብ ናይቶም ኣሽሓት ሰራዊት ዘስዕብ እንተኾይኑ ንሙሴ ምድጋፍ ነቲ ኩናት ብዓወት ክውዳእ ከም ዘኽእሎ ኣስተውዓሉ። ስለዚ ድማ ነቲ ዝረብረበ ሙሴ ዝኸውን እምኒ ኮፍ መበሊ ኣዳለው። ሙሴ ድማ ኣብኡ ተቐመጠ። ካብዚ ሓቂ እዚ ኣእዳዉ ጥራይ ዘይኮነስ ሕቖኡን ኣእዳዉን እውን ደው ብምባል ረብረቡ ከም ዝነበረ ክንፈልጥ ንኽእል።

ብድሕርዚ ድማ ንሳቶም ኣእዳው ሙሴ ንምድጋፍ ብየማን ጸጋሙ ደው በሉ። ነተን ሓፍ ዝበላ ኣእዳው ሙሴ ንምድጋፍ ሓሓዲኦም ሓዙ። ነተን ኣእዳው ንምድጋፍ ኮፍ ክብሉ ዘይሕሰብ እዩ። ስለዚ ደው ኢሎም እዮም ክድግፍዎ ዝኽእሉ። እዞም ሰባት እዚኦም ኣብ ምድጋፍ ኣእዳዉ ጥራሕ ዝተሓጽረ ኣገልግሎት ነይርዎም ክንብል ኣይንኽእልን። ሙሴ ንሰማይን ንምድርን ዝንቕንቕ ጸሎት እናጸለየ ኣእዳዉ ተሰኪሞም ቀባሕባሕ ክብሉ እዮም ኢልካ ዘይሕሰብ እዩ። ብመሰረቱ ናብ ከምዚ ዓይነት ምስትውዓል ዝበቕዑ፣ ብቑዕ ዝኾነ መንፈሳዊ ብስለት ስ

ለ ዝነበሮም እዩ። ኣሮን ሊቀ ካህናት ን ምኳን ብጸጋ ዝበቕዐ ሰብ እዩ። ከም ሊቀ ካህናት መጠን ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ኴንካ ማእከላይ ምኻንን ምምላድን ይፈልጥ እዩ። ስለዚ እቲ ንሳቶም ክገብርዎ ዝ ግብኦም ጸሎት እናጸለዩ፡ በእዳዎምን ብጸሎቶምን ንሙሴ ይድግፍዎ ከምዝነብሩ ክንስተውዕል ንኽእል ኢና።

> ንዝደኸመ ሰብ፡
> ካብ ምስ ሰይጣን ኴንካ ምድፍኡ፡
> ምስ ኣምላኽ ኴንካ
> ምድጋፉ እዩ
> ዝሓይሽ።

ኣብዚ ናይ ኣሮንን ሁርን ተግባር፡ ክንስተውዕሎ ዝግባእ ካልእ ኣገዳሲ ነጥቢ ኣ ሎ። ሙሴ ነእዳዉ ከልዕል ዘይክእል ኮይኑ ምስ ደኸመ፡ "ንዓ ንስኻ ኣዕርፍ ንሕና ኣብ ክንዳኻ በትሪ ኣልዒልና ክንጸሊ ኢና" ብምባል ክትክእዎ ዘይኮኑስ፡ ኣ ገልግሎቱ ንኽፍጽም ክድግፍዎ እዮም መሪጾም። እዚ ኣዝዩ ዓብይ ምስትውዓል እ ዩ። ንሓደ ሰብ በቲ ዝተዋህቦ ጸጋ ክሳዕ መወዳእታ፡ ክሳዕ ጸሓይ እትዓርብ፡ ጸኒዑ ንኽገልግል ነእዳዉ ደጊፍካ ምግልጋሉ፡ ብመንፈስ ቅዱስ እምበር ብስ ጋ ዝተደረኸ ምርጫ ክኸውን ኣይክእልን እ ዩ። እግዚኣብሄር ንዝደኸመ ንዝንደልሃጸ ምድጋፍ ባህሪኡ እዩ። ኣቦና ዳዊት ነዚ ደገፍ እዚ ጥዒሙ ምስ ኣስተማቕሮ "ኀይታ እግረይ ኣንደልሃጸ ምስ በልኩ ጸጋኻ ደገፈ ኒ" ይብል እሞ ኣብ ካልእ ስፍራ "ኣ እጋረይ ከይሰናኸላስ ንስጉምተይ ኣብ ትሕቲ እግረይ ተርሕባ ኢኻ" ብምባል ንደገፍ ኣ ምላኽ የድንቕ እዩ (መዝ፡73፡2, መዝ፡94፡17,18) ንሕናውን ንዝደኸሙ ንዝ ሓንከሱ ንዝረኸሱ ክሞቱ ኢሎም ን ዘለዉ ሰባት ኩሎም ክንድግፍ ከም ዝግብኣ ና ቅዱሳት ጽሑፋት ይምዕዱና እዮም (ይሁ፡22,23)። ሃዋርያ ጳውሎስ "እቶም ብርቱዓት ዝኾንና ድኻም እቶም ድኹማት ክንጸውር ይግብኣና እዩ" ብምባል ምድጋፍ ኣብ ምርጫ ዝኣቱ ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ግድን ክንገብሮ ዝግበኣና ግቡእና ምኳኑ ይገልጸልና እዩ (ሮሜ፡15፡1)። ዮሃንስን ያእቆብን ንጴጥሮስን እንድርያስን እታ ጃልባ ከይጠሓለት ክላ እንተ ዘይድግፍዎም እቲ ዝተቐበልዎ በረኸት ናይ ዓሳ ንዓ ታቶምን ንጃልብኦምን ንመርበቦምን ኮነ ኑቲ በረኸቶም ናብቲ ዝገፈፉሉ መዓሙቕ መጥሓሎም ነይሩ (ሉቃ፡5፡1-11)። ስለዚ ክንድግፍ ግዴታና እዩ። ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ግን ሓደ ኣገልጋሊ ክዝሕል ወይ ክርብርብ እንተተራእዩ ካብ ምድጋፉ ምትክኡ ዝቐልሎም ይበዝሑ። ዘዝዓበዩ ኣ ገልገልቲ ብኸምዚ ስለ እንጥፍኦም ከኣ እዩ፡ ኩሉ ጊዜ ብዋሕዲ ብሰላት ኣገልገልቲ እን ሽገር። ንዝደኸመ ሰብ፡ ካብ ምስ ሰይጣን ኴንካ ምድፍኡ፡ ምስ ኣምላኽ ኴንካ ምድጋፉ እዩ ዝሓይሽ፡ መዓይይቲ ኣ ምላኽ ኢና እሞ።

ንግዝእ ኣእዳውካ ምጻር ኣዝዩ ከ ቢድ ኮይኑ ክሉ ናይ ካልእ እሞ ከኣ ናይ ዝደኸመ ሰብ ኢድ ሓፍ ኣቢልካ ጸርካ

ምውዓል ማዕረ ክንደይ ኣረብራቢ ኮን እዩ!! ኣሮንን ሁርን ቀሊል ምርጫ ኣይመረጹን። ነቲ ምርብራብ ናይ ሙሴ ክጥፍኡ ኣይኮኑን ደልዮም ነቲ ምርብራብ ናይ ሙሴ ናብ ገዛእ ርእሶም ብዝኸበደ መልክዑ ክቕበልዎ እዮም መሪጾም። ካብ ክልተ ኢ.ድ ሰለስተ ኢ.ድ ከም ዝኸብድ ግሉጽ እዩ። እቲ ጽሑፍ ኣበየናይ ሰዓታት ኣቢሎም ምድጋፍ ከም ዝጀመሩ ዘይገለጸልና ደኣ ኮይኑ እምበር፡ ሓጺር ጊዜ ከምዘይኮነ ግሁድ እዩ። ጸሓይ በረቓ ክሳብ እትዓርብ ዘሎ ጊዜ (12 ሰዓታት) ዳርጋ ፍርቂ ከምዝድግፍዎ ክንግምት ይከኣል። ሙሴ ካብ ምድሪ ግብጺ ከውጽኦም ከሎ ድሮ ወዲ ሰማንያ ዓመት እዩ ነይሩ። ክንድዚ ዝዕድሚኡ ሸማግለ ንነዊሕ ሰዓታት ነእዳው ኣልዒሉ ክውዕል ኣዝዩ እዩ ዝኸብዶ። ድኻም ብጻይካ ክትጸውር ምፍታን፡ ናብ ዓወት ብኣቛራጭ ዘብጽሕ ክንደይ ብሉጽ ስጉምቲ ኮን እዩ!!

እስራኤላውያን ሳላ ሚዛናዊ ህይወት ናብ ሚዛናዊ ዓወት በጺሖም። ቅልጽም ኣምላኽን ቅልጽም ሰብን ሚዛናዊ ውህደት ኣርእዩ። ኣእዳው ሰባት ብማዕረ ናብ ኣምላኽን ናብ ጸላእትን ተዘርጊሐን። ስለዚ ከኣ ኣማሌቅ ብዘሰክሕ ስዕረት ተሳዒሮም። ሙሴ ነቲ ኲናት ብዓወት ብምዝዛም ጥራይ ኣይኮነን ረቢሑ። መልክዕ ናይቲ ኲናት ኣብ ምቕያር እዩ ብዝያዳ ዝተዓወተ። ነእዳዉ ምሉእ መዓልቲ ናብ እግዚኣብሄር ሳላ ዝዘርግሐ፡ ነቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ኣማሌቅን ዝነበረ ኲናት፡ መልክዑ ቀይሩ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ኣማሌቅን ከም ዝኾውን ገበረ። ስለዚ ከኣ እዩ እግዚኣብሄር ኣብ መወዳእታ ናይቲ ኲናት "ንዝኽሪ ኣማሌቅ ካብ ትሕቲ ሰማይ ፈጺመ ክድምስሶ እየ እሞ፡ እዚ ንመዘከርታ ኣብ መጽሓፍ ጽሓፎ፡ ንኢያሱውን ኣብ እዝኑ ኣስምዓዮ" ዝበሎ። ናይ ጸሎት ፍሉይ ባህርይ እምበኣር እዚ እዩ። ንዓኻ ንዝገጠመካ ሽግር ኩሉ ብዘይ ምሕላል ናብኡ ብጸሎት ምስ እተቕርቦ፡ ነቲ ጉዳይካ ጉዳይ እግዚኣብሄር ክምዝኾውን ትገብሮ ኣሎኻ ማለት እዩ። ብምጽላይና ዕረፍቲ እንረኽበሉ ምኽንያት ከኣ ንሱ እዩ። ጸሎት መኣዝን ናይ ኩሉ ነገራት ዝቕይር ሓያል መሳርሒ እዩ።

ሙሴ መኣዝን ጉዳዩ ንምቕያር ዝተጠቕመሉ መንገዲ ክገልጽ ከሎ "እግዚኣብሄር ሰንደቕ ዕላማይ እዩ" በለ። ሰንደቕ ዕላማ (ባንዴራ) ኣዝዩ ዓብይ ነገር እዩ። ምእንቲ ሃገሮም ዝዋግኡ ሰባት ምእንቲ ባንዴራ ወይ ሰንደቕ ዕላማ ይሞቱ፡ ከምዘለው እዩ ዝግለጽ። ንሓንቲ ሃገር ክኹንኑ ዝተኣከቡ ሰልፈኛታት መብዛሕትኡ ጊዜ፡ ናይታ ዝኹንንዋ ሃገር ሰንደቕ ዕላማ ክየቃጸሉ ኣይብተኑን እዮም። ናይ ሰንደቕ ዕላማ ነገር ክርድእ ዘይክእል ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። እምበኣር ሙሴ ሰንደቕ ዕላምኡ ንእግዚኣብሄር ስለ ዝገበረ እዩ ነቲ ጉዳዩ ጉዳይ እግዚኣብሄር ኣብ ምግባሩ ዝተዓወተ ኣብ ውልቃዊ ኮነ ኣብ ሃገራዊ ኮነ ኣብ መንፈሳዊ ጉዳያት ንኣምላኽ ሰንደቕ ዕላምኡ ስለዝገበሮ ኣብ ኩሉ ይዕወት ነይሩ። ታሪኽ ሙሴ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ምድህሳሱ ኣኻሊ እዩ። ንኣመንቲ'ውን ካብዚ ዝበልጽ ምርጫ ክህልዎም ኣይክእልን እዩ። እግዚኣብሄር ባዕሉ እኳ ሰንደቕ ዕላማና ክንገብሮ ምዒዱና እዩ።

እግዚኣብሄር ይደግፈና!!!

# ንዝኒ ዘለዎ ይስማዕ

ራእ፡3፡1-6

## ናብ ሳርዴስ ዝተላእከ መልእኽቲ

ናብ መልአኽ ማሕበር ሳርዴስውን ጽሓፍ፡ እቲ፡ ሾብዓተ መናፍስቲ አምላኽን ሾብዓተ ከዋኽብትን ዘለዎም ከምዚ ይብል አሎ፡ አነ ንግብርኻ እፈልጠ አሎኹ፡ ህያው ተባሂልካ ትስመ አሎኻ፡ ግናኸ ምውት ኢኻ። ንግብርኻ አብ ቅድሚ አምላኸይ ምሉእ ኰይኑ አይረኸብክዎን እሞ፡ ንቑሕ ኩን፡ ነቶም ኪሞቱ ኢሎም ዘለው ኻልኦትውን አበርትዓዮም። ደጊም ከመይ ጌርካ ኸም እተቐበልካን ከም ዝሰማዕካን ዘክር፡ ሓልዎ ተነሳሕውን። እንተ ዘይነቓሕካ ግና፡ ከም ሰራቒ ኽመጸካ እየ፡ በየነይቲ ሰዓት ከም ዝመጸካውን አይትፈልጥን ኢኻ። አብ ሳርዴስ ግና ክዳውንቶም ዘይጸየቑ ሒደት ስማት አለውኻ፡ ንሳቶም ብቑዓት እዮም እሞ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም ምሳይ ኪመላለሱ እዮም። እቲ ዝስዕር ከምኡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ኪኸደን እዩ፡ አነውን ንስሙ ኻብ መጽሓፍ ህይወት አይክፍሕቆን እየ፡ አብ ቅድሚ አቦይን አብ ቅድሚ መላእኽትን ድማ ንስሙ ኽእመኖ እየ። እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።

*ሻድሻይ ክፋል*

አብ ናይ ጥንቲ ዘመን፡ አብታ ንእሽቶ እስያ ናይ ገዛእ ርእሳ መንግስቲ ዝነበራ፡ ዝተፈላለዩ ነገስታት ዝነገሱዋ "ሊድያ" ዝተባህለት ሃገር ነበረት። ሳርዴስ ናይዚ መንግስቲ እዚ ዋና ከተማ እያ ነይራ። ንናይ ሊድያ መንግስቲ ልዕሊ ኩሉ ዝና ከትረክብ ዝገበረ፡ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክሳዕ 546 ዓመተ ዓለም ዝነገሰ፡ ብፍላይ ብሃብቱ፡ አዝዩ ፍሉጥ ዝነበረ ክሬሱስ ዝተባህለ ንጉስ እዩ። አብ 17 ዓመተ ምሕረት ከተማ ሳርዴስ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ተደምሲሳ እያ። ደሓር ግን ብሮማዊ ቄሳር ብደገፍ ጢቤርዮስ ንኻልአይ ጊዜ ተሃንጸት፡ አዝያ ዓባይ ከተማ ድማ ኰነት።

ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ እተን ካልኦት ከተማታት ዘንበብናዮ፡ አብ ሳርዴስውን ሓያል ዝኾነ ናይ ጣኦት አምልኾ ተመስሪቱ ነበረ። ናይቲ ከተማ ህዝቢ ብስነ ምግባር አዝዩ ተበላሽዩ ስለ ዝነበረ፡ ንሳርዴስ ጽቡቕ ስም አይነበራን። ካብቶም ነበርቲ ናይታ ከተማ

መብዛሕትኦም ገንዘብ ዝበዝሓሎም ነበሩ። ገንዘብን ጣዕምን መብዛሕትኡ ጊዜ ናይ ሰብ ጠባይ ከም ዘበላሹ ፍሉጥ እዩ። ናይ ህዝቢ ሳርዴስ ክፉእ ተግባር ንብዙሕ ነቐፌታ ምኽንያት ኮይንዎም ነበረ። ኣ ብዛ ዝረኸስት ከተማ እዚኣ ምንባር፡ ንክርስ ትያን ኣስጋእን ኣጸጋምን ከም ዝኾነ ኣየ ጠራጥን እዩ።

እምነት ክርስትና ንመጀመርታ ጊዜ ኣብዛ ከተማ እዚኣ ዝሰበኸ ሰብ መን ምዃኑ ገና ኣይተፈልጠን።

**ቁ 1-2** ኣብዛ መእተዊት ቃል ኢየሱስ ብዛዕባ ርእሱ ዝተዛረቦ፡ ነቲ ኣብ ምዕ :1:4,16 ዘሎ ብምጥቃስ እዩ። ሓቀኛ ኣ ምላኽ ከም ምዃኑ መጠን፡ እቶም ሸውዓተ መናፍስቲ ኣብ ኢዱ እዮም። እዞም መናፍስቲ እዚኣቶም፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሳሌ ምዃኖም ኣብ ቀዳማይ ክፋል ርኢ ናዮ ኢና። እምበኣር ኣብዚ ቃል እዚ ኢየ ሱስ ብመንፈስ ጎይታ ምዃኑ፡ እዚ መልእኽቲ ይገልጸልና። ሓድሽ ኪዳን ብዛዕ ባ እግዚኣብሄር ወለዶ ዝገልጸልና ሓቂ እዚ እዩ (ዮሃ፡15፡26, ሮሜ፡8፡9, ፊሊ፡1፡19)።

እቶም ሸውዓተ መናፍስቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቶም ሸውዓተ ከዋኽብቲ እውን ኣብ ኢዱ እዮም። ኣብ ናይ መእተዊ ቃሉ፡ ነዚ ቃል እዚ ምውሳኹ ዓብዪ ምኽን ያቱ ከይሃለዎ ኣይተርፍን። ንመራሒ ናይታ ቤተ ክርስቲያን ዘስምዖ ከቢድ ነገር ኣለዎ እሞ፡ ኘኽጠንቅቕ ኢሉ ዝተዛረቦ እዩ እንተብልና ካብ ሓቂ ኣይረሓቕናን። ክርስ ቶስ ነቶም ሸውዓተ ከዋኽብቲ ኣብ ኢዱ ምሓዙ፡ ብርግጽ ንእታቶም ንምሕላው ሓይልን ስልጣንን ከምዘለዎ ዝሕብር እዩ



እንተኾነ፡ ኣድላዪ መሲሉ ኣብ ዝተራእዮ እዋን ካብ ኢዱ ክድርብዮም ከም ዝኽእል ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ኢየሱስ ክርስቶስ ንናይ ሳርዴስ ናይ ቤተ ክርስቲያን መራሒ ከመይ ኮይኑ ረኺብዎ? ብጣዕሚ ዘፍርሕን ዘልቅስን ነገር ብዛዕብኡ ተጻሒፉ ኣሎ። "ህያው ተባሂልካ ትስመ ኣሎኻ፡ ግናኸ ምውት ኢኻ።" ኢሉ ክፈርዶሉ ከሎ ተራእዩ "ህያው ተባሂልካ ትስመ ኣለኻ" ማለት "ሰባት ክርስቲያን ምዃንካ ይኣምኑ ከምኡውን ይምስክሩልካ። እንተኾነ ሓቂ ኣይኮነን። ናይ ክርስቲያን ኣ ፍኣዊ መልክዕ ጥራይ እዩ ዘለካ፡ ኣብ ውሽጥኻ ግን ህይወት የለን" ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት መንፈሳዊ ሞት ብዛዕባ ዘለዎም ሰባት ይዛረብ እዩ። ካብቲ ብዙሕ ሒደት ማቴ፡8፡22 ከምኡውን ዮሃ፡5፡25 ክንርኢ ይ ክኣል እዩ።

መራሒ ቤተ ክርስቲያን ብመን ፈስ ዝሞተ ምስ ዝኸውን፡ ኘካልኦት ብመን ገዲ ህይወት ክመርሕ ኣይክእልን እዩ። እቶም ብእኡ ዝምርሑ ምእመናን፡ ናይ ግድን እናደኸሙ እዮም ዝኸዱ። ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ ንሳቶም ድማ ምውታት ይኾኑ።

እዚ ነገርዚ ኣብ ናይ ሳርዴስ ቤተ ክርስቲያን ተራእዩ እዩ። እታ ቤተ ክርስቲያን ደኺማ እያ። "ነቶም ክሞቱ ኢሎም ዘለው" ኢሉ ክጠቕሶም ከሎ ንመንፈሳዊ ድኻሞም ይገልጽ ኣሎ። ስም ክርስቲያን ተሰኪሞም ኣለው፡ መልክዕ ኣምልኾ ኣለዎም እንተኾነ ሓይሊ ኣምልኾ ናብ ምኽሓድ ዘዝዮም ኣለው (2ጢሞ፡3፡5)።

እታ ቤተ ክርስቲያን ፈጺማ ሞይታ ኣላ ክንብል እኳ እንተዘይከኣልና፡ ጥቓ ሞት ግን በጺሓ ኣላ። ኻብይመውት እቲ

> ስም ክርስቲያን ተሰኪሞም ኣለው፡ መልክዕ ኣምልኾ ኣለዎም እንተኾነ ሓይሊ ኣምልኾ ናብ ምኻድ ዘዝዮም ኣለው

መራሒ ንርእሱ ካብ ድቃሱ ክበራበርን ክነቕሕን የድልዮ እዩ። ንሱ ንርእሱ ካብ ሞት ናብ ህይወት እንተተመሊሱ፡ ነቶም ክሞቱ ቀሪቦም ዘለው ክድሕኖም ይኽእል እዩ (ኤፌ፡5፡14, ህዝ፡34፡4)። ስለዚ ድማ "ንቑሕ ኩን" ይብሎ ኣሎ።

ኣብ ሉቃ፡22፡32 ብዛዕባ ጴጥሮስ ንዝተጻሕፈ ምስ እነንብብ፡ ተመሳሳሊ ነገር ንረኽበሉ። ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ጴጥሮስ ክም ዝወድቕ ፈሊጡ፡ "ምስ ተመለስካ ንኣሕዋትካ ኣጸናንዓዮም" በሎ። ብርግጽ፡ ጴጥሮስ ንጎይታ ብምኽሓዱ፡ ብመንፈስ ዝሞተ ኮይኑ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። በዚ ከኣ ካብ ናይ ሳርዴስ መራሒ ቤተ ክርስቲያን ዝተፈልየ እዩ። ዝመሳሰሉሉ ነጥቢ፡ "ምስ ተመለስካ ኣጸናንዓዮም" እትብል ቃል እያ። ጴጥሮስ ንኣሕዋቱ ምጽንናዕ ክኽእል፡ ኣቐዲሙ ንሱ ንርእሱ ክምለስ ከድልዮ እዩ።

ናይ ሳርዴስ መራሒ ቤተ ክርስቲያንን ካልኦት ምስኡ ዝተንቀፉ ሰባትን፡ ብስም እግዚኣብሄር ዝገበርናዮ ሰናይ ግብረ ኣሎና ኢሎም ክምጉቱ ዝከኣል እዩ። ጎይታ ብወገኑ "ብርግጽ ሰናይ ግብረ ከም ዘለካ ኣነውን እፈልጥ እየ። እንተኾነ ንግብርኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ምሉእ ኮይኑ ኣይረኸብክዎን። ምኽንያቱ ክርስቲያናዊ ካብ ዘይኮነ ህይወት ዝፈልፈለ እዩ" ብምባል ይምልሰሎም እዩ። ሓደ ሰብ ምውት እንተኾይኑ፡ ንቤተ ክርስቲያን ዝሰርሖ ስራሕ ኩሉ፡ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ? ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዋጋ የብሉን። ብልቡ ተደረኹ ዘይኮነስ፡ ብልምዲ ጥራሕ ናብ ቤተ ክርስቲያን ዝኸይድ ሰብ ኣሎ። ህይወት ዘይብሉ ክነሱ፡ ናይ መዝሙር ናይ ጸሎት ኮነ ናይ ሰብከት ኣገልግሎት ተኻፋሊ ዝኾውን ሰብ ኣሎ። ብልቡ ካብቲ ናይ ህይወት ፈልፋሊ ካብ እግዚኣብሄር ተፈልዩ ክነሱ፡ ክርስትያናት ዝገብርዎ ኣፍኣዊ (ደጋዊ) ዝኾነ ስነ ስርዓት ኩሉ እናሓለወ ክነብር ይኽእል እዩ። ብሓጺሩ ክርስቲያን ዝመስል ክርስቲያን ግን ዘይኮነ ሰብ ይኸውን። ስሙ ኣብ መዛግብቲ ቤተ ክርስቲያን ተጻሒፉ ይርከብ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ግን ፈጺሙ የለን። ኣብ ከምዚ ዝበለ መንፈሳዊ ኩነታት ዝርከብ ሰብ ክንደይ ኮን ዘሕዝን እዩ።

*ቍ.3፡-* ናይ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ናይ ምድሓን ለውሃቲ ወሰን ስ

ለዘይብሉ ግን፡ ከምዚ ዝአመሰለ ከቢድ አወዳድቓ ዝወደቐ ሰብ እኳ ነቔሑ ንስሓ ኣትዩ ዃኽድሕን ይጽውዖ እዩ። ስለዚ ድማ ንናይ ሳርዴስ ቤተ ክርስቲያን መራሒ፡ "ተንሳሕ" እናበለ፡ በቲ እ ምላኻዊ ዝኾነ ፍቕሩ ናብኡ ክመልሶ ይፍትን ኣሎ። ናይ ምሕረት ዘመኑ ክሳዕ ሕጂ ዘይሓለፈ ምኽኑ ኣዝዩ ዓብይ ነገር እ ዩ። ተግሳጽ ናይ ክርስቶስ ሰሚዑን ተቐ-ቢሉን እንተተመሊሱ፡ እቲ ሞይቱ ዘሎ እን ደገና ህያው ክኸውን ይኽእል እዩ።

"ደጊም ከመይ ከም ዝተቐበልካን ከ ም ዝሰማዕካን ዘክር" በሎ። ብመጀመርታ ናይ ወንጌል ቃል ንርእሱ ሰሚዑ ተቐ-ቢልዎ ነይሩ እዩ። ኣብ ርእሲዚ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዃኸገልግል ጸውዒት ቀሪቡሉ፡ ኣዝዩ ብዘሐጉስ ኣጀማምራ ነቲ ናይ ወን ጌል ስራሕ ጀሚርዎ ነይሩ። እንተኾነ እ ብቲ ዝጀመረሉ መንገዲ ኣይጸንዐን። ስለዚ ድማ ናብቲ ዝነበሮ ክምለስ የድልዮ ኣሎ። ነዚ እንተዘይገበረ ግን፡ መዓልቲ ምሕረቱ ከይሓልፎ የስግእ እዩ። ንናይ መወዳእታ ፍርዲ፡ ጎይታ ከም ሰራቒ ኮይኑ ክመጾ እ ዩ። ነዚ መራሒ እዚ እቲ "መንፈሳዊ ሞት" ዝበሃል ድቃስ ሒዝዎ ደቂሱ እዩ ዘሎ። ዝደቀሰ ሰብ፡ ሰራቒ መዓስ ከም ዝ መጽእ ኣይፈልጥን እዩ። ዝደቀሰ ክርስቲያን ትእምርቲ (ምልክት) ዘመኑ ክለሊ ስለ ዘይክእል፡ ንምጽኣት ጎይታ ከምቲ ዝግባእ ኮይኑ ክጽበዮ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ድቃስ ሞት ዃኽይወስደና፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዝህበና ምኽሪ ብዙሕ እዩ (ማቴ፡24፡43, ሉቃ፡12፡39-40, 1ተሰ፡5፡2, ማቴ፡16፡2,3 ሮሜ፡13፡11-14)።

**ቍ፡4፡-** ልዕል ኢልና ክምዝረኣናዮ፡ ካብ ምእመናን ናይ ሳርዴስ ቤተ ክርስቲያን መብዛሕትኦም ናይ ስም ክርስቲያናት እዮም። ካብ ክርስቶስ ዝተፈልዩ፡ ኣብኡውን ዘይነብሩ እዮም፡ እንተኾነ ውሑዳት ሓቀኛታት ኣመንቲ ኣለውዎም። "ክዳውን ቶም ዘይጸየቑ ሒደት ስማት ኣለውኻ" ኢ ሉ ይምስክረሎም ኣሎ። ኣብ ቋንቋ ግሪኽ "ሒደት ሰባት" ዘይኮነስ "ሒደት ስማት" እ ለውኻ እዩ ዝብል ከምኡ ዝበለሉ ምኽንያት ድማ፡ ክርስቶስ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ስ ም ፈልዩ ስለ ዝፈልጥ እዩ። ኣይጋገን እዩ፡ ነቶም ናቱ ዝኾኑ፡ ኣብ ማእከል ካልኦት ብዙሓት እንተኾኑውን ጽቡቕ ጌሩ ስለ ዘለልዮም፡ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ይሕልዎም እምበር ኣይድርብዮምን እዩ።

ክዳውንቶም ኣይጸየቑን፡ ምስ ዓ ለማውያን ኣይተጸናበሩን፡ ንትምህርቲ ኒቆላውያን ኣይተቐበሉን። ምስ እግዚኣብሄር ብምምልላሶም፡ ካብ መንገዲ ጎይታ ዘይተፈልዩ እዮም። ዓስቦም ድማ ኣዝዩ ዘሐጉስ እዩ። ጻዕዳ ክዳውንቲ ክኸደኑ እዮም። እቲ ዝኽደንዎ ጻዕዳ ክዳን ናይ ፍጹም ቅድስናን ንጽህናን ምሳሌ እዩ። ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ስፍራ ክረኽቡ እዮም። "ጻዕዳ ተኸዲኖም ምሳይ ክመላለሱ እዮም" ዝብል ግሩም ተስፋ፡ ምስ ክርስቶስ ኮይኖም ንመንግስተ ሰማያት ከም ዝወርሱ፡ ኣረጋጊጹሎም። ምስዚ ራእ፡6፡11, ራእ፡7፡9,13-15 ራእ፡19፡14 ተመልከት።

"ምሳይ ክመላለሱ እዮም" ክብል ከ ሎ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዝረኽብዎ ክብሪ፡ ናይ ጸጋ ህያብ ደኣ እምበር ብግብሮም ዝረኸብዎ ነገር ከም ዘይኮነ ኣየ መልክትን እዩ።

**ዝኾነ ሰብ ብልቡ ካብቲ ናይ ህይወት ፈልፋሊ ካብ እግዚኣብሄር ተፈልዩ ክነሱ፡ ክርስትያናት ዝገብርዎ ደጋዊ ዝኾነ ስነ ስርዓት ኩሉ እናሓለወ ክነብር ይኽእል እዩ።**

*ቍ.5፦* ጻዕዳ ተኸዲኖም ምስ ክርስቶስ ዝመላለሱ ሰባት እንመን እዮም? እቶም ኣብ ቍ.14 ተጠቒሶም ዘለው ጥራይ ድዮም? ኣይኮነን፡ ነቲ ዝስዕር ኩሉ ዝተዋህበ ተስፋ እዩ። ስለዚ ከኣ "እቲ ዝስዕር ክምኡ ጻዕዳ ክዳውንቲ ክኸደን እዩ" ይብለና። ምናልባት ካብ ኅይታ ብምፍላይ ምስ ወድቑ ደሓር ብንስሓ ናብኡ ዝተመለሱ እንተልዮም፡ ምስቶም ዝስዕሩ ክቍጸሩ እዮም። ወረስቲ ተስፋ እዮም። እዚ ቃል እዚ ኣብ ሳርዴስ መንፈሳዊ ድቃስን ሞትን ወሲድዎም ንዘሎ ሰባት ከንቅሕን ናብ ክርስቶስ ንኽምለሱ ከተባብዖም ዝኽእልን ቃል እዩ። ምስቶም እሙናት ዝኾኑ ምእመናንን እንደገና እንተሓቢሮም፡ ክርስቶስ ንስሞም ካብ መጽሓፍ ህይወት ኣይድምስሶን እዩ። እዚ መጽሓፍ እዚ ስም ናይቶም ሓቀኛታት ዝኾኑ ዜጋታት መንግስተ ሰማይ ዝተጻሕፎ እዩ። ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ብዛዕባ እዚ መጽሓፍ እዚ ይዛረቡ እዮም። (ዘጸ:32:32, መዝ:68:28፣ ሉቃ:10:20፣ ፊሊ:4:3 ፣ ራእ:13:8፣ ራእ:17:8፣ ራእ:20:12፣ ራእ:21:27)

ዝኾነ ደኹን ሰብ ነቲ ብክርስቶስ ዝተጻለወሉ ድሕነት ምስ ተቐበለ ስሙ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ይጽሓፍ (ሉቃ:10:20) ሓድሓደ ሰባት፡ ስሙ ኣብዛ መጽሓፍ ህይወት ሓንሳእ ዝተጻሕፈትሉ ሰብ፡ ካብኡ ክጠፍእ ኣይክእልን እዩ፡ ዝደሓነ ሰብ ናይ ዘልኣለም ድሕነት ተሓርዩ እዩ፡ ዝኾነ እንተኾነ ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ኣይጠፍእን እዩ ይብሉ። እዚ ትምህርቲ እዚ ቅኑዕ ከም ዘይኮነ ግን እዚ ሒዝናዮ ዘለና ጥቕሲ የረጋግጸልና እዩ። "ኣነውን ንስሙ ካብ መጽሓፍ ህይወት ኣይክፍሕቖን እየ" ክብለና ከሎ፡ ካብ መጽሓፍ ህይወት ስም ምፍሓቑ ከም ዘሎ ዝሕብረና እዩ። ዝፈሓቑ ድማ ናይቲ ዝተሳዕረ ሰብ ስም እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ነቲ ዝስዕር ሰብ ጻዕዳ ክዳን ኣብ ርእሲ ምሃቡ፡ ኣብ ቅድሚ ኣቡኡን ኣብ ቅድሚ ቅዱሳን መላእኽቱን ንስሙ ክእመኖ (ክምስክረሉ) እዩ። ልዕል ኢልና ኣብ ቁጽሪ ሓደ ከም ዝረኣናዮ፡ ንናይ ሳርዴስ ቤተ ክርስቲያን መራሒ ህያው ዝብል ስም ብሰባት ተዋሂብዎ ነበረ። እንተኾነ ሰባት ዝምስክሩሉ ምስክርነት ዋጋ የብሉን። ልቢ ሰብ ዘይፈልጡ ካብ ምኳኖም ዝተላዕለ ሰባት ነቲ መራሒ ዝሃብዎ ግምት ትኽክል ክኸውን ኣይከኣለን። እቲ ዝመስክርዎ ምስክርነት ካብ ሓቂ ዝረሓቐ እዩ። ክርስቶስ ዘይመስክረሉ ሰብ፡ ናይ ካልእ ሰብ ምስክርነት ዋላ ሓንቲ ኣይረድኦን እዩ። እምበኣር ነቲ ዝስዕር ሰብ ዝተዋህበ ጽኑዕ ተስፋ፡ ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ኣቡኡን መላእኽቱን ንስሙ ከም ዝእመኖ እዩ።

ነዚ መልእኽቲ እዚ ምስ ኣጽናዕና፡ ብዛዕባ ዘመንና ዘለዋ ኣብያተ ክርስቲያናት

መንፈሳዊ ኩነታተን ሓንሳእ እንተሓሰብና ሰናይ እዩ። ንናይ ሳርዲስ ቤተ ክርስቲ ያን ዝመስላ ደኾን ይህልዋና? አይሰኣናን እ የን። ጥምቀት፣ ቅዱሳን ቁርባን፣ ስብከት ቃል አምላኽ፣ ጸሎትን መዝሙርን፣ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርትን ስራሕን ኩሉ ይህሉ ደኾውን። እንተኾነ አብ ማእከል እዚ ኩሉ ስርዓትን አገልግሎትን ከይኖም፣ ብዙሓት መንፈሳዊ ሞት ዝሞቱ ናይ ስም ክርስትያናት ክህልው ዝከኣል እዩ። ገሊኦም ምናልባት ክሳዕ ክንድዚ ዘይበጽሑ እንተኾ ኑ፣ አስጋኢ ዝኾነ መንፈሳዊ ድኻም ዝ ሓደሮም ክኾኑ ይኽእሉ። እንታይ ክን ገብረሎም ንኽእል? ምኽሪ ጎይታ ግልጽ ዝ በለ እዩ "ንቶም ክሞቱ ኢሎም ዘለው ካልኦትውን አበርትዓዮም" ኢሉና እዩ። እዝ ኒ ዘለዎ ይስማዕ!!!

## ናይ መጽናዕቲ መምርሒ

1. አብዚ መልእኽቲ እዚ፣ ኢየሱስ "ን ግብርኻ እፈልጦ አለኹ" ክብል ከሎ "ግብሪ" ዝብሎ ዘሎ ነየናይ እዩ?

2. ንናይ ሳርዲስ ቤተ ክርስቲያን መራሒ፣ መንፈሳዊ ሞት ዘስዓብሉ እንታይ ከም ዝኾ ነ አይተጸሕፈን፣ እንተኾነ ንክርስትያን ናብ መንፈሳዊ ሞት ከብጽሖ ዝኽእል፣ ዝተፈላለ የ ዓይነት ፈተናን ዕንቅፋትን ከም ዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጸልና እዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ንምርግጋጽ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት አጽንዕ

ሀ) 1ሳሙ፣15፣1-35, 1ሳሙ፣16፣14 አን ቢብካ ሓጢአት ሳኦል እንታይ ከ ም ዝኾነ ዘርዝር።

ለ) ዮሃ፣15፣1-6። ናይ ወይኒ ጨንፈር ብምንታይን ብምንታይን እዩ ናይ ክርስትያን ምሳሌ ክኾውን ዝኽእል? ናይ ወይኒ ጨንፈር ንኽትድርኽን ፍረ ዘይትፈሪ ንኽትከውን ዝገብራ እንታይ እዩ።

ሐ) ሮሜ፣12፣2 ክርስቲያን ብምንታይ እዩ ንህይወቱ ክሓድስ ዝኽእል? (ኤር፣15፣19፣ 2ጢሞ፣2፣1፣ 1ጴጥ፣2፣ 1-3፣ ፊሊ፣4፣4-7፣ 1ቆሮ፣10፣16)

መ) 1ቆሮ፣6፣9-10 ካብ ርኽሰት ዓለም ብዛዕ ባ ምርሓቕ እንታይ ይብል?

ረ) ማቴ፣25፣1-13፣- እተን ዓያሱ ዝተባህላ ሓሙሽተ ደናግል ነተን ለባማት ዝ ተባህላ ብምንታይ ይመስልኦን? ብምንታይከ ካብኣተን ይፍለያ? እዚ ፍልልይ እዚኸ እንታይ የመልክተና?

ሰ) ገላ፣5፣13-15 ብዛዕባ ምስ ኣሕዋት ምብኣስ እንታይ ይብል?

ሸ) ማቴ፣6፣14-15፣- ንዕርቂ ብዛዕባ ምሕሳም እንታይ ይብል?

ቀ) 1ጢሞ፣6፣6-10, 1ዮሃ፣2፣15-16 ብዛዕ ባ ንዓለም ምፍታው እንታይ ይብል?

3. ብመንፈሳዊ ሞት ብዛዕባ ዝደቀሱ ሰባት እንደገና ክምለሱን ክድሕኑን ከም ዝኽእሉ፣ እዚ መልኽእቲ እዚ እንታይ ብምባል ይገልጸልና? ምስዚ ኤር፣3፣12-13፣ ሆሴ፣14፣4 ተመልከት

4. አብ መጀመርታን መፈጸምታን ናይዚ መልእኽቲ፣ መንፈስ ቅዱስ ተጠቒሱ አሎ። እዛ ደኺማ ዘላ ናይ ሳርዴስ ቤተ ክርስቲ ያን ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስን ብዛዕባ ስርሑን ክትሓስብ ከም ዘድልያ ዘጠራጥር አይኮነን። ምስዚ አተሓሒዝካ ነዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ተመልከት ግብ፣5፣32, ኤፌ፣4፣30, መዝ፣51፣11, 1ተሰ፣5፣19)።

# ቀንዲል

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ትርጉምን ዓይነትን ናይ ቅንኣት ርኢና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ንቲ ቀዳማይ ዓይነት ሓጢኣት ዘርዚርና ርኢናዮ ኢና። ኣብዚ ሕታም እዚ ከኣ ንቲ ክካልኣይን ሳልሳይ ዓይነት ቅብንኣት ክንርኢ ኢና።

## 2. ብሓጢኣተኛታት ምቕናእ

እዚ ሓጢኣት እዚ ኣዝዩ ክፉእ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ ምስ እግዚአብሄር ኣምላኽ ዘባእሰናን ካብ ጉዕዞና ንድሕሪት ዝመልሰናን መፈንጥራ እዩ። ኑቶም ንእግዚአብሄር ብምሉእ ልቦምን ሓይሎምን ዘገልግሉ ዝነበሩ ከም በዓል ኣሳፍን ኤርምያስን ዝበሉ ቅዱሳን ከይተረፉ ዝፈተኑ ከቢድ ፈተና እዩ። ንስኻ ንእግዚአብሄር ብምሉእ ልብኻን፡ ሓይልኻን፡ ፍቕርኻን፡ ግዜኻን እናኣገልገልካ ከሎኻ፡ ዘሎካ ኩሉ ወፈኻ ንእግዚአብሄር ኩተሕጉስ ላዕልን ታሕትን እናበልካ ከሎኻ፡ እቲ ብዛዕባ

ዓወት የማነ

እግዚአብሄር ግዲ ዘይብሉ ሰብ ድላዩ እናገበረ፡ እንተ ደልዩ እናገፍዔ እንተ ደልዩ እናዘመወ ከም ድላዩ ዝነብር ሰብ ኩሉ ሰሊጥዎ ምንም ከይጐደሎ ምስ ርኤኻ ልብኻ ይስበር። ሕልናኻ'ውን ይዓርብ። ከምቲ ኣሳፍ ዝበሎ "ኣነ ግና ኣእጋረይ ሰንከልከል ንምባል ስጉምተይ ንምንድልሃጽ ቀረበ ነበርኩ እንበኣርሲ ንልበይ ብኸንቱ፡ ኣንጽሄ ኣእዳወይውን ብንጽህና ሓጺበ" ከም ኤርምያስ "ስለምንታይከ ኹሎም ጠለምትስ ዕድል ዝኾነሎም" ወይውን ከም ህዝቢ እስራኤል "ንኣምላኽ ምግልጋል ከንቱ እዩ ስርዓቱ፡ ዝሓሎና ኣብ ቅድሚ ጐይታ ሰራዊት ድማ ከሊ ተኸዲንና እተመላለስና እንታይ ረባሕና"? ክትብል ትጅምር (ሚል፡3፡14)።

እስኪ ሓንሳብ እቲ ኣሳፍ ብዛዕባ እቶም ረሲኣን ዝበሎ ቓል ንርአ ኣሳፍ እቶም ረሲኣን ከመይ ኢሎም ከም ዝነብሩ ክምዚ እናበለ ይገልጾ "ራህዋ ረሲኣን ምስ ርኤኹ ንደፋራት ቀናእኩሎም። ክሳዕ ሞቶም ስቓይ የብሎምን ስጋእምውን ስ

ቡሕ እዩ እሞ ጸገም መወትቲ የብሎምን። ከም ሰብ'ውን ኣይተሰቀዩን፡ ስለዚ ትዕቢት ከም ስልማት ክሳድ ይኸቦም ግፍዒ ከም ክዳን ይጉልብቦም። ኣዒንቶም ካብ ስብሒ ይወጻ። ሓሳባት ልቦም ይግንፍል። የላግጹ ብኽፍኣቶም ግፍዒ ይዛረቡ። ካብ ላዕሊ ይዛረቡ ኣለው። ኣፎም ናብ ሰማይ የልዕሉ መልሓሶም ከኣ ኣብ ምድሪ ይመላለስ። ስለዚ ህዝቡ ናብዚ ይምለስ፡ ካብኦም'ውን ብዙሕ ማይ ይሰቲ ኣምላኽ ከመይ ገይሩ ይፈልጥ? ልዑልከ ፍልጠትዶ ኣለዋ እዩ? ይብሉ ኣለው። እንሆ ረሲኣን እዚኣቶም እዮም ኩሉ ጊዜ ሃዲኦም ሃብቲ ይውስኹ ኣለው።" (መዝ፡73፡2-12) ዘማራይ ኣሳፍ ነዚ ምስ ረኣየ ከምቲ ኣብ መጀመርያ ኢልዎ ዘሎ ብቕንኢ ኣዝዩ ተፈቲኑ ኣእጋሩ ሰንከልከል ንምባል ስጉምቱውን ንምንድልሃጽ ቀሪበን ኔረን። ነብዩ ኤርምያስ'ውን ብምረት ከምዚ ኢሉ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጨርሐ "ዎ ጐይታይ እንተ ተማጐትኩኻ እኺ ንሰኻ ጻድቕ ኢኻ ምስ ናይ እዚ'ውን ብዛዕባ ፍርዲ ኽዛረበካ እደሊ ኣለኹ ስለምንታይ እዩ መገዲ ረሲኣን ዚሰልጥ? ስለምንታይከ ኩሎም ጠለምትስ ዕድል ዝኾነሎም"(ኤር፡12፡1-4)

ሎሚ'ውን እንተኾነ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ናይ ኣሳፍን ኤርምያስን መሪር ንልቢ ብዙሓት ቅዱሳን ዝፍተን ዘሎ ሓጢኣት እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ፍርዱ ቅኑዕ ዘይከነ ኮይኑ ዝተሰመዓና'ውን ሓያሎ እዋን እዩ። ቃል እግዚኣብሄር ግና ህይወትና በዚ ክፉእ ቅንኢ እዚ ተወቒዓ ከይትሳቐ ኣጸቢቑ ይምዕደና እዩ።

## *ቃል እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ረሲኣን እንታይ ይብል?*

ቃል ኣምላኽ ናብራን መወዳእታን ረሲእ ፍጹም ዘየመንይ መሪርን ጊዝያውን ምዃኑ እዩ ዝምዕደና። ከምዚ ድማ ይብል "ከም ሳዕሪ ቐልጢፎም ኪዕጸዱ ከም ልምሉም ቆጽሊ ከኣ ኪጽምልው እዮም እሞ ብቶም ገበርቲ እከይ ኣይትኹሪ ብቶም ዓመጽቲውን ኣይትቕናእ (መዝ፡37፡1,2) "እኩይ ሰብ ውሬታ የብሉን ብቶም ረሲኣን ኣይትቕናእ (ምሳ፡24፡19-20) ናብራ ሓጥኣን ውሬታ የብሉን መወዳእትኡ ዝዓጽድዋ እንተሃለወ ቁጥዓ እግዚኣብሄር እዩ። ስለዚ "ብርግጽ ዓስቢ ኣሎ ትጽቢትካ ከኣ ከንቱ ኣይኪኸውንን እዩ እሞ ልብኻ ኹሉ መዓልቲ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሃልዎ እምበር ብሓጢኣተኛታት ኣይትቕናእ" (ምሳ፡3፡17-18) ይብለና። ልብኻ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ተመሊኡ ኽትነብር ዋላ እኳ ንግዚኡ ዕሽነት ወይ'ውን ዝኸነ ይኹን ዓስቢ ዘይብሉ እንተመሰለ ቃል እግዚኣብሄር "ብርግጽ ዓስቢ ኣሎ" እናበለ ደጋጊሙ የረጋግጸልና።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ናብራ ሓጥኣን ዓስቢ ዘይብሉን ሓላፍን ምዃኑ ኢና ንፈልጥ። ሰይጣን ግና ብዙሕ እዋን ክሳዕ እቲ ጣዕሚ ረሲኣን ዝሓልፎ ንልብና ክኽብደሉ እዩ ዝደሊ። ልብና ብናብራን ግፍዕን ረሲኣን ቀኒኡ ናብቲ ናቱ መንገዲ ኽንኣቱ እዩ ዝደልየና። ጐይታ ኢየሱስ ካብታ ዝተታሕዘላ

መዓልቲ ክሳብ ህይወቱ ኣብ መስቀል ዝሞተላ ግዜ ህይወቱ ብኣዝዩ ኸቢድ ዝኾነ ግፍዒ ረሲኣን ሓሊፉ። ብዙሓት ነተን ናይ ስቕለት ዛንታ ዝትርኻ ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ ዘንበቡ ብቕንኢ ተመሊኦም ዝበልዎ ነገር እንተሃለወ "ስለምንታይ ክርስቶስ ሓንሳብ ሓይሉ ንጸላኢቱ ዘየርኣዮም" ዝብል ሓሳብ እዩ። ብፍላይ ድማ ነቲ ናይ ስቕለት ታሪኽ ኣብ ዝተፈላለዩ ቪድዮ ይኹን ፊልም ዝረኣዩ በዚ ስምዒት እዚ ኣዝዮም ተፈቲኖም እዮም። ኣብዚ ክርስቶስ ዝግፍዓሉ ዝነበረ ጊዜ፥ ረሲኣን ድማ ስሊጥዎም ብታሕጓስ ንክርስቶስ ዝኸትክትሉ ዝነበሩ ጊዜ ጐይታ ዝመሃረና ዓብዪ ነገር እንተነበረ ፍርሃት እግዚኣብሄርን ትዕግስትን እዩ ኔሩ።

እቲ ክርስቶስ ዝለበሶ ዓብዪ ትዕግስቲ ክህልወና እንተዘይክኢሉ ነፍስና ብኸንቱ ክትጠፍእ እያ። ክርስቶስ ዝገበሮ ነገር እንተነይሩ ናብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ሓጐስ ብምርኣይ ብትዕግስቲ ነቲ ራህዋ ረሲኣን ተዓጊስዎ ሓሊፉ።

ዘለናዮ ዘመን እቲ ሓጥእ ኣዝዩ ዝሓጥኣሉ፥ እቲ ገፋዒ ኣዝዩ ዝገፍዓሉ እዋን እዩ (ራእ፥22፥10-11)። ኣብዚ ክቢድ እዋን እዚ ንነፍስና ብትዕግስቲ ጥራሕ ክም እነጥርያ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና። "ንነፍስኹም ብትዕግስቲ ኽተጥርይዋ ኢኹም" (ሉቃ፥21፥19)። እቲ ክርስቶስ ዝለበሶ ዓብዪ ትዕግስቲ ክህልወና እንተዘይክኢሉ ነፍስና ብኸንቱ ክትጠፍእ እያ። ክርስቶስ ዝገበሮ ነገር እንተነይሩ ናብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ሓጐስ ብምርኣይ ብትዕግስቲ ነቲ ራህዋ ረሲኣን ተዓጊስዎ ሓሊፉ። "ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን ኢየሱስ ንጠምት። ምእንቲ ኸይትደኽሙን ነፍሳት ኹም ከይሕለላን ነቲ ኻብ ሓጥኣን ኣብ ርእሱ ክንድዚ ዚኣክል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ" (እብ፥12፥2-3)።

ሎሚ ክቡር ሓወይ/ሓፍተይ ንትዕግስትኻ ጸንቂቑ ኸፉእ ቅንኢ ዘለዓዕለካ ነገር እንታይ ኣሎ? ኣዚኻ ተጠንቀቐሉ! ካብቲ ዘልኣለማዊ ህይወትን ዕረፍትን ኣርሒቑ ናብ ዘልዓለማዊ ሞት ክድርብየካ እዩ። ነፍስኻ ብትዕግስትኻ ኣብ እተጥርየሉ ዘመን ኢኻ ዘሎኻ!

ኣሳፍ ነቲ ብቕንኢ ናብራ ረሲኣን ነዲዱ ዝነበረ ልቡ ክህድእ ዝኸኣለ ናብቲ ክብሪ እግዚኣብሄር ዝነበሮ መቕደስ ምስ ኣተወ እዩ። ከምዚ እናበለ ይዛረብ "ምሉእ መዓልቲ ተሰቅየ ንግሆ ንግሆ'ውን ተቐጺዔ እየ እሞ እምበኣርሲ ንልበይ ብኸንቱ ኣንጺሄ ኣእዳወይውን ብንጽህና ሓጺበ። ከ

ምእም ክዛረብ እየ ኢለ እንተ ዝኸውን ሲ ንውሉድ ወለዶኻ ምጠለምኩ። ነዚ ክስ ተውዕል ምስ ሓሰብኩ ናብ መቕደስ ኣምሳኽ ክሳዕ ዝኣቱ መወዳእታእም'ውን ክሳዕ ዘስተብህልሲ ኣዝዩ የሸግረኒ ነበረ። ብርግጽ ኣብ መንደልሃጺ ስፍራ ደው ተብሎም ናብ ጥፍኣት ተውድቆም። ከመይከ ብድንገት ባደሙ ጸኑቱ ብስ ምባደ'ውን ተወድኡ ከም ሕልሚ ድሕሪ ምንቃሕ ንምስሎም ከምኡ ክትንዕቆ ኢኻ" ይብል። ኣሳፍ ናብቲ መቕደስ ኣምላኽ ምስ ኣተወ በቲ ቅድስናን፡ ጽድቅን፡ ቅንዕናን እግዚኣብሄር ኣዝዩ ተደነቐ። እቲ ሓጥእ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክንቱ ምኻኑ ኣስተብሂሉ። ናብራ ሓጥኣን ድማ ኣዝዩ መሪር ምኻኑ ተማሂሩ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሎሚ ናብቲ መቕደስ ና ዝኾነ ክርስቶስ ኢየሱስ ክንጥምት ይግበኣና። ኣብዚ ምጥማት እዚ እዩ ዓወትና ዝርከብ። ነፍሳትኩም ምእንቲ ከይሕለላ ናብቲ ክብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ዝኾን ክርስቶስ ኢየሱስ ጠምቱ ተባሂልና ኢና። ኤርምያስ'ውን ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ምስ ረእየ ብዛዕባ ናብራ ሓጥኣን ከምዚ በለ "ተኸልካዮም እሞ ሱር ሰደዱ ዓበዩ ፍረ'ውን ፈረዩ" ይብል። ድሕሪ እዚ ፍረ እዚ ግና ትንፋስ እግዚኣብሄር ይብትኖም። ከምዘይነበሩ ድማ ይኾኑ። ሱር ሰዲዱ ኣብ ምዕንባብ ዝበጽሐ ተኽሊ ዝሓርር ይመስለካን እዩ። ከም ዘይነበረ ግን ደኸውን። ስለዚ ልብና በቲ ግዝያዊ ዝኾነ ቅሳነትን፡ ዓወትን ናይ ሓጥኣን ካብ ምቕናእ ተሓልዩ ካብ ቅድስና ናብ ቅድስና ክሰጋገር ይግብኦ እዩ። "እቲ ገፋዒ ኣዝዩ ይግፋዕ እቲ ርኹስ ኣዝዩ ይርከስ እቲ ጻድቕ ኣዝዩ ጽድቂ ይግበር እቲ ቅዱስ'ውን ኣዝዩ ይቀደስ በለኒ። እንሆ ቀልጢፈ እመጽእ ኣለኹ። ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ክፈድዮ ክኣ ዓስበይ ምሳይ እዩ። ኣልፋን ኦሜጋን ቀዳማይን ዳሕራይን መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ (ራእ፡22፡12)።

ኣሜን

## ቅዱስ ቅንኢ

ኣብ ልዕሊ ብጸይና እንቐንኦ ቕንእን በቶም ሓጢኣተኛታት ዝህልወና ቅንኢ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ፍንፉን እዩ። እዚ ሓጢኣት እዚ ክፉእ ካብ ምኻኑ ዝተላዕለ ካብ እግዚኣብሄር ዝኾነ ደኹን በረኸት ከይንቕበል ዝዕንቅጸና ክፉእ ግዲግዳ እዩ። እዚ ኣሰዒብና እንርእዮ ቅንኢ ግና ቅዱስ ዝኾነ ቅንኢ እዩ። ስለምንታይ እዩ ቅዱስ ኮይኑ? ከመይ ዓይነት እዮኸ ንዝብሉ ሕቶታት ኣሰዒብና ክንርእዮም ክንፍትን ኢና። እዚ ቅንኢ እዚ ኣብ ክልተ ክፈልና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። እቲ ቀዳማይ ንእግዚኣብሄር ኢልና እንቐንኦ ቅንኢ ክኸውን እንከሎ እቲ ካልኣይ ድማ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ነገር፡ ጸጋ፡ በረኸት እንቐንኦ ቅንኢ እዩ።

ብመሰረቱ ናይ ቅንኢ መበቆል "ንዓይ ጥራሕ" "ኣነ ጥራሕ" ዝብል መንፈስ እዩ። ኩሉ ንዓይ ንበይነይ ጥራሕ እንተዝኸውን፡ ኣነ በይነይ ጥራሕ እንተ ዝ

በልጽ፡ እንተ ዝኸብር ዝብሉ ነገራት ኣብ ልብና ክሓድሩ እንክለው። እቲ ዘይቅዱስ ዝኾነ ቅንኢ ንልብና ገዚእዎ ከም ዘሎ ኢና ንፈልጥ። ብኣንጻሩ እቲ ቅዱስ ዝኾነ ቅንኢ ኣብ ልብና ኽገዝእ እንክሎ "ኩሉ ንእግዚኣብሄር ጥራሕ ይኹን" "ኩሉ ንኽብሪ እግዚኣብሄር ይኹን" ዝብል መንፈስ ይገዝኣና ማለት እዩ። ኣብ ክንዲ እግዚኣብሄር ኴንና ንቐንእ፡ ናይ እግዚኣብሄር ጓሂ የጉህየና፡ ናይ እግዚኣብሄር ሓጐስ የሓጉሰና። ከምቲ ኣብ ኢሳ፡11፡3 ተጠቒሱ ዘሎ "ታሕጓሱ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር እዩ..." ዝተባህለ ምኽንያት ሓጐስናን ዕጋበትናን እግዚኣብሄር ይኸውን ማለት እዩ። ሓደ ካብቲ ዕላማ ናይ ክርስቶስ ሞት ንኽብሩ ዝቐንእ ህዝቢ ከጥሪ ምዃኑ ቃል እግዚኣብሄር ይነግረና። "ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ዓመጻ ዘበለ ሓራ ምእንቲ ከውጽኣና ንርእሱ'ውን ንሰናይ ግብሪ ዝቐንእን ገንዘቡ ዚኾኖን ህዝቢ ምእንቲ ኬንጽህ ኢሉ ነፍሱ በጃና ኣሕለፈ።" (ቲቶ፡2፡14)። እዚ ቃል እዚ ዝነግረና ሓቂ እንተ ሃለወ እቲ ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጠርየ ቅዱስ ህዝቢ ንኽብሪ እግዚኣብሄር ዝቐንእ ህዝቢ ምዃኑ እዩ። ኢሳ፡43፡21 "እቲ ንኣይ ዝደኮንክዎ ህዝቢ ምስጋናይ ኪዘንቱ እዩ"

እዚ ቅዱስ ህዝቢ እዚ ቀዳምነት ሂቡ ኣብ ህይወት ዝነብረሉ ናብራ እንተሃለወ ንክብሪ እግዚኣብሄር ጥራሕ እዩ። ዓቢ ቅንኢ ኣለዎ። ንሱ ድማ ስም እግዚኣብሄር ክኸብር መንግስቲ እግዚኣብሄር ኣብዛ ዝጠፍኤት ዓለም ስፊሑ ክርኢ ብርቱዕ ቅንኣት ኣለዎ። ክብሪ እግዚኣብሄር ከይዋረድ ለይትን መዓልትን ነቒሑ ዝተግህ ህዝቢ እዩ። ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ተመሊስና እንተርኢና ዓበይቲ ምሳሌታት ክኾኑና ዝኽእሉ ሰባት ንረክብ ኢና። የሁ እቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ፡ ናይ እግዚኣብሄር መቕደስ ብጣኦት ተመሊኡ ህዝቢ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ኣምላኹ ዓልዩ ምስ ርኣየ ብርቱዕ ናይ እግዚኣብሄር ቅንኢ ኣብ ውሽጡ ተላዕሎ እሞ ንዮናዳብ ከምዚ በሎ "ንዓ ምሳይ እሞ ቅንኣተይ ንእግዚኣብሄር ርኤ በሎ" (2ነገ፡10፡16)። እዚ ቕንኣት እዚ ንየሁ ዓቢ ሓይሊ ኮና እሞ ነቶም ንጣኦት ዘገልግሉ ዝነበሩ ኹላቶም ብስሕለትሰይፊ ኣጽኒቱ ነቲ መቕደስ ኣምላኽ ካብ ርኽሰት ኣጽረዮ። ከምኡ'ውን ኣብ ዘሁ፡25፡10-13 ዘሎ ቓል ዓቢ ትምህርቲ ዝህበና ቃል እዩ። እቲ ታሪኽ ካብ 25፡1-9 ዘሎ እንተ ርኢናዮ፡ ህዝቢ እግዚኣብሄር ብምኽንያት እቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ኣብ ብርቱዕ ንስሓ እንክሎ ሓደ ካብ ደቂ እስራኤል እዚ ዝስዕብ ከቢድ ሓጢኣት ፈጸመ "እንሆ ከኣ ካብ ደቂ እስራኤል ሓደ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚ ሙሴን ኣብ ቅድሚ ኩሉ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ንሳቶም ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ደው ኢሎም ኪበኽዩ ኸለው ሓንቲ ሚድያናዊት ሰበይቲ ናብ ኣሕዋቱ ኣምጽኣ" ይብለና። ኣብዚ ልቢ እግዚኣብሄር ልቢ ህዝቢ ኣምላኽ ብሓዘን ተሰቢርሉ ዝነበረ ጊዜ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ነቲ ቁጥዓ እግዚኣብሄር ዝያዳ ንምንዳድ ካብተን ንጣኦት ዘምልኻ ኣንስቲ ኣምጺኡ ክዝሙ ደለየ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ፊንሃስ ወዲ ኣልኣ

ዛር ብቅንኢ እግዚአብሄር ተላዒሉ ዝገበሮ ታሪኽ ቃል እግዚአብሄር ከምዚ እናበለ ይ ነግረና። "ፊንሃስ ወዲ ኣልኣዛር ወዲ ካህን ኣሮን ምስ ረኣየ። ካብ ማእከል እቲ ኣኼ ባ ተንስኣ ኲናት'ውን ኣብ ኢዱ ወሰደ። ደድሕሪ እቲ እስራኤላዊ ሰብኣይ ናብቲ ዝ ደቀሰሉ ኣተወ ነቲ እስራኤላዊ ሰብኣይን ነታ ሰበይትን ከኣ ረቃቒቶኣም ኽክልቲኣም ወግኦም። እቲ መዓት ድማ ካብ ደቂ እስ ራኤል ዛረየ። እቶም በቲ መዓት ዝሞቱ ኽኣ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ኮኑ።

እቲ ታሪኽ በዚ ኣየብቅን። እግዚኣ ብሄር በቲ ቅንኣት ፊንሃስ ኣዝዩ ስለ ዝ ተሓጐሰ ከምዚ ብምባል ምስ ፊንሃስ ዓቢ ኪዳን ይኣቱ። "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ ፊንሃስ ወዲ ኣልኣዛር ወዲ ካህን ኣሮን ኣብ መንጎኦም ብምቕናአይ ስለ ዝቐንኤ ኻኹራይ ካብ ደቂ እስራኤል መለሰ እሞ ንደቂ እስራኤ ል ብቕንኣተይ ኣየጥፋእክዎምን። ስለዚ በል እንሆ ንእኡ ናይ ሰላም ኪዳነይ እህቦ ኣለኹ። ንኣምላኹ ቀኒኡ ንደቂ እስራኤል ከኣ ኣተዓረቐ እዩ እሞ ስለዚ ንእኡ ብድሕሪኡ ድማ ንዘርኡ ኪዳን ክህነት ን ዘልኣለም ይኹን" (ዘሁ፡25፡10-13) ግሩም ዝኾነ ታሪኽ እዩ።!!

ኣብ ካልእ ቦታ'ውን ተመሳሳሊ ታሪኽ ንረክብ ኢና። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሃረና ዓቢ ቅንኣት ክንቀንእ እዩ። ከምቲ ባዕሉ ዝበሎ "ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣከኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ" (ዮሃ፡4፡34)። ናብ የሩሳሌም ምስ ኣተወ ቤት ኣቡኡ ብኣዝዩ ዘሕዝን ርኽሰት ተመሊኡ ረኸቦ። "ፋስጋ ኣይሁድ ከኣ ቀሪቡ ነበረ ኢየሱስ'ውን ናብ የሩ ሳሌም ደየበ። ኣብ ቤተ መቕደስ ከኣ ኣ ብዑርን ኣባጊዕን ኣራግብን ዚሸጡን ሸረፍቲ ተቐሚጦም ረኸበ። ካብ ገመድ መግረፊ ገይሩ ከኣ ምስ ኣባጊዕን ኣብዑ ርን ንኹሎም ካብ ቤተ መቕደስ እውጽኦም ንወርቂ እቶም ሸረፍቲ'ውን ፋሕ ኣበሎ ንሰደቓኦም ከኣ ደንከሎ። ነቶም ሸየጥቲ ኣራግብ ድማ እዚ ካብዚ ኣ ልዕልዎ። ንቤት ኣቦይ ቤት ዕዳጋ ኣ ይትግበርዎ በሎም። ደቀ መዛሙርቲ ኽኣ ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ ጽሑፍ ከም ዘሎ ዘ ከሩ (ዮሃ፡2፡13-17, መዝ፡69፡9)። እዚ ቓል እዚ ከም ዘብርሃልና ጐይታ ኢየሱስ ኩነታት ናይቲ ዘሕዝን ቤት መቕደስ ፍጹም ክጻወሮ ኣይከኣለን። እቲ ምሕቛፍን ምዝናንን ዝፈቱ ጐይታ ከይፈተወ እዩ መግረፊ ከልዕል ተገዲዱ።

ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ህይወት ክርስቶስን ህይወት ካልኦት ቅዱሳንን ከ መይ ጌርና ኣብ ህይወትና እዚ ቅንኢ እዚ ክንነብረሉ ከም እኽእል ዓቢ ምሳሌና እዩ። እቲ ሓሳብ ንምጥቕላል እዚ ቅዱስ ቅንኢ እዚ ካብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ወይውን ካብ ቤተ ክርስትያን ክጠፍእ እንከሎ እዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ውድቀታት ኣብ ህይወት ነፍሲ ወከፍ ኣማንን ብሓፈሽኡ ኣብ ህዝቢ ኣምላኽ ይርኣዩ።

1. ሓጢኣት ክዕንብብ እናተራእየ እንክሎ እቲ ኣማኒ ዝወስዶ ስ ጉምቲ የለን።
2. ብዛዕባ ቤት ኣምላኽን ህዝቢ ኣ ምላኽን ምጽላይን ምንባዕን ይጠፍእ
3. ትሪ ልቢ ይነግስ
4. ሓቀኛ ንስሓ ካብ ህይወት ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ይጠፍእ
5. ንጥፉኣት ምንዳይን ምጽላይን ይጠፍእ
6. ንእግዚኣብሄር ተጊህካ ምግልጋልን ዘይምግልጋልን ፍልልይ ዘይብሉ ይኸውን።

ኩሎም ዝሓለፉ ቅዱሳን በዚ ቅንኢ እዚ ይቃጸሉ ስለ ዝነበሩ ሓጢኣት ኣ ብ ዝነግሰሉ ዘመን፡ ፍትሒ ኣብ ዝ ጠፍኣሉ ግዜ፡ ዘኽታምን መበለትን ኣ ብ ዝግፍዕሉ ዝነበረ ዘመን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክዳውንቶምን ልቦምን ቀዲዶም ብንብዓት ይቐርቡ ነበሩ። (ዳን፡9፡4-23 መዝ፡10፡17,18 እዝ፡9፡1-15 ነህ፡1፡4-11 ዘጸ፡32፡7-20) ሕሉፍ ሓሊፉ እግዚኣብሄር ኣብ ሓደ ሓደ ሰባት ዝነበሮ ምሕረት ወዲኡ እናረኣዩ። ኣብ ክንዲ እግዚኣብሄር ዝ ቑንኡ ቅዱሳን ኔሮም። እግዚኣብሄር ምስ ሳኦል ዝነበሮ ነገር ወዲእዎ ኔሩ ክነስ ሳሙኤል ገና ስለ ሳኦል ይነብዕ ነበረ (1ሳሙ፡16፡1) ከምኡውን እቲ ባርያ ነታ ፍረ ዘይትፈሪ ኦም ቁረጻ ምስ ተባህለ። እቲ ጐይትኡ ሕያዋይ ምኳኑ ፈሊጡ ሓደ ዓመት ክጽዕረላ እ የ ብምባል ቅንኣት ጐይትኡ ቀንኤ (ሉቃ፡13፡6-9) ብኻልእ ወገንውን እግዚኣብሄር ክቢሩ ምስ ረኣዮ ከም በዓል ዳዊት ከም ሕጻን ኣብ ቅድሚ ጐይትኦም ተሰራሰሩ (1ዜና፡15፡7-14)።

እቲ ኻልኣይ ቅዱስ ቅንኢ ድማ እቲ ናይ እግዚኣብሄር ነገር ናትካ ክኸውን ሃረር ምባል ማለት እዩ። ማለት ቃሉ፡ መዛሙራቱ፡ ፍቕሩ፡ ለውሃቱ፡ ትሕትናኡ... ናትካ ክኸውን ምምናይ ምቕናእ ማለት እ ዩ። እዚ ቅንኢ እዚ ካብ እግዚኣብሄር ዓ በይቲ በረኸታት ኽንቅበል ይረድኣና። ዳዊት ከምዚ ብምባል ዘሚሩ "ንልበይ ናብ ምስክራትካ እምበር ናብ ስስዔ ገንዘብ ኣ ይተዝብሎ። ጐይታየ ምሕላው ቃልካ ግደይ እዩ በልኩ። ምስክራትካ ሓጐስ ልበይ እዩ እሞ ንዘልኣለም ርስተይ ገበርክዎ (መዝ፡119፡36,57,111) ዳዊት ልዕ ሊ ኹሉ ናቱ ክኸውን ዝምነዮ ዝነበረ ነገር ቃል ጐይታ እዩ ኔሩ። ቃል እግዚኣብሔር ቅንኡ እዩ ኔሩ። ከምኡውን ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ቅዱስ ዝኾነ ነገር ክንቀንእ ከ ምዚ እናበለ ይዛረብ "ንፍቕሪ ሰብዋ ን መንፈሳዊ ውህበት ምናዳ ግና ክትንበዩ ቅንኡ" (1ቆረ፡14፡1) ሎሚ ክቡር ሓወይ/ ሓፍተይ እንታይ እዩ ልዕሊ ኩሉ ናትካ ክኸውን እትምነዮን እትቐንኣሉን ነገር? እግዚኣብሄር በዚ ቅዱስ ቅንኢ እዚ ተመሊእና ንክብሪ ደው ክንብል ይደግፈና!

